# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.203 ረቡዕ 24 ሚያዝያ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ፍቕሪ እስራኤልን ኢራንን ብኸመይ ናብ ጽልኢ ማዕቢሉ?



ገጽ 3
ሰውራ ሸቃሎ ኣበይ በጺሐ. . .


ገጽ 4
ካብ ኣደነቕቲ ጽምብላት መርዓ


ገጽ 5
ቀመር ህይወት


ገጽ 11
ደሃይ ድሙቕ ዓወት ኤርትራውያን ኣትለታት


## ኣባላት ማ.ም.ቀ.ዙ.ሃ.ኣ. 70 ከረጺት ደም ለጊሶም



ስእሊ - የናታን የዕብዮ

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዋሚ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት (ማ.ም.ቀ.ዙ.ሃ.ኣ.)፡ "ብዙትኻእ ደም - ዘይትትካእ ህይወት ነድሕን" ብዝብል፡ ብ21 ሚያዝያ ብወለንታዊ ተበግሶ 70 ከረጺት ደም ለጊሶም።

እቲ ብስሩዕ ንኻይ ግዜኡ ዝተኻየደ መደብ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ሕልናዊ ዕግበት፡ ሓድሕዳዊ ፍቕሪን ሰቲትን ንኽሰርጹ እውን ከምዝሓገዞም፡ ኣወሃሃድቲ ገሊጾም።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ገስጋስን ኣቶ ገብረያናስ ገብረትንሳኤ፡ ቁጽሪ ወለንታውያን ለገስቲ ደም እናሰሰነ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልገሲ ደም ነርስ መሓሪ ኣብርሃም ድማ፡ እቶም ኣባላት ንዝወሰድዎ ተበግሶ ብምምጓስ፡ ካልኦት ማሕበራትን ትካላትን እውን ነዚ ቅዱስ ተግባር ብምስዓብ - ስሩዓት ለገስቲ ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

## ሓጋዝ - ነበርቲ 'ባጾብ' ምድላዋቶም ንክራማት የጻፍፉ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ባጾብ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሮም ኣብ ናይ ሕርሻ መሬቶም ንክራማት ክዝብርዎ ዝጸንሑ ምድላዋት ከምዝጸፈፉ ሓቢሮም።

እቶም ነበርቲ፡ እቲ መደብ ብቐንዱ ኣብ ምስራሕ ከትርታትን ዛላታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኩዖታት ዝቐንዐ ምንባሩ ገሊጾም።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ዓብዱ-ሰላም መሓመድ ኢብራሂም፡ መጻልታዊ 300 ሰብ ይሳተፍ ምንባሩ ብምሕባር፡ ንዕዙዝ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ንኢዱ።

ኣስታት 2,500 ነበርቲ ዘለውዋ ምምሕዳር ከባቢ ባጾብ፡ ካብ ሓጋዝ 11 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ ርሒቓ ትርከብ።

ኣብ ካልእ ዜና ናይ'ቲ ዞባ፡ ኣብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ - ኣብ ዕቃብ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘቤዓምን ዘሎ ንቕሓት ክብ ንምባል ዝዓለመ ገስጋሳት ተኻዪዱ።

ሓላፊ ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኣቶ ሃብተሚካኤል ንጉሰ፡ እቲ ንኡስ ዞባ ዝተፈላለየ መበቆላዊ ኣግራብ ዝርከቦ ከባቢ ምዃኑ ብምሕባር፡ ህዝቢ ኣብ ምዕቃቡ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ብዙሓት ዘለዎ መበቆላዊ ኣግራብ ከም ዝርከብ - ዳዕሮ፡ ሳግላ፡ ሃም፡ ምልዖ፡ ኣውሊዕን መቐርን ከኣ፡ ሓደጋ ምብራስ ኣጋጢምዎም ካብ ዘለዉ ብምዃኖም ይጥቀሱ።

## ኣብ ኣቑርደትን ገርሰትን 'ባርዕ ሓዊ' ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ብ18 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ዝተኸሰተ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ሃብቲ ገረብን ጀራዲንን ጉድኣት ኣውሪዱ።

እቲ 10 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ምብራቕ ካብ ከተማ ኣቑርደት ኣብ ዝርከብ ወሰናስን ሩባ ባርካ ዘጋጠመ ባርዕ፡ ኣብ ንብረት ጀራዲን ልዕሊ 700 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዘውረደን 14 ጥሪት ከምዝሞታን፡ ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኣቶ በርሀ ሃብቶም ሓቢሩ።

ኣብ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ሓላፊ መርመራ ገበን ኣቶ ገብረመስቀል ዕቑባይ፡ ጠንቂ ባርዕ ኣብ ምጽራይ ከምዝርከብ - እንተኾነ፡ ጓሶትን ሓረስቶትን ንመኻብሮኦም ኢሎም ወይ እውን ቈጥቋጥ ንምእላይ ዝኣጕድዎ ክኸውን ከምዘኽእል ኣሚቱ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ገርሰት ብ16 ሚያዝያ ከባቢ ሰዓት 3:00 ድሕረቐትሪ ዘጋጠመ ባርዕ፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ከምዘውረደ ተገሊጹ።

በቲ ሓደጋ፡ ወዲ 60 ዓመት ኣቦ ከምዝሞተ፡ 4 ኣባይቲ ምስ ምሉእ ንብረቱ ከምእተቓጸለን 4 ኣጣል ከምዝሞታን ወኪል ኢሪና ሓቢሩ።



## ኣብ 'ዓዲ-ክንዝናብ' ናብ ከውሒ ዝተቐየረ ገረብ ተረኺቡ

ኣብ ዓዲ-ክንዝናብ - ንኡስ ዞባ ዓዲ'ኳላ፡ ናብ ከውሒ ዝተቐየረ ገረብ ከምእተረኽበ፡ ክኢላታት ስነ-ጥንቲ ሓቢሮም።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን - ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ውርሻ ዶ/ር ጸጋይ መድኅን፡ ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ቲ በብከባቢኡ ክርከብ ዝጸንሐ ኣሰራት ስነ-ሂወት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ምስ'ቲ ቅድሚ ምፍጣር ቀይሕ-ባሕሪ ቅድሚ 27 ሚልዮን ዓመታት ዓበይቲ መጥበውቲ እንስሳታት ከምዝነበሩ ዘመልክት - ኣብ 2008 ኣብ ከባቢ ኩዶፈላሲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝተረኽበ ኣሰር ዓሌት ሓራምዝ ዕድመ ክዛመድ'ኳ ኣብ ሽዑ ዝነበረ ከባብያዊ ኣቃውማ ዘውክልን ክኸውን ከምዝኽእል ኣሚቱ።

እዚ ናብ ከውሒ ዝተቐየረ ገረብ፡ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ዝየዳ መጽናዕትን ምርምርን ምስ ተኻየደሉ ውድዓዊ ሓበሬታ ክወሃብ ከምዝኽኣል ዝሓበረ ዶ/ር ጸጋይ፡ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ነዚ ተረዲኡ ኣብ ምሕላዉ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ተላቢዩ።

ብዘዕባ'ቲ ብርቂ ተርእዮ ንክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ሓበሬታ ዝሃበ ኣቶ ተኽሊት ገብረእግዚኣብሄር፡ ነዚ ፍሉይ ቅርጺ ዘለዎ ኣሰር - ካብ ዓዲ-ኳላ ናብ ዓዲ-ክንዝናብ ኣብ ዝወስድ መገዲ ኢጋር ከምዝስተብሃለሉ ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ እግሪ መኸል ዲጋ ኣብ እትሰራሓሉ ዘላ ከባቢ እውን፡ ስራሓት ካይላ፡ ናይ ሓጺን ሰልማት፡ ከምኡ'ውን ናይ ወዲ-ሰብ ዝመስል ኣዕጽምቲ ዘጠቓልል ኣሰራት ከምእተረኽበ ተሓቢሩ።

ዓዲ ክንዝናብ፡ ካብ ዓዲ-ኳላ ንሸነኽ ምብራቕ 8 ኪሎ-ሜተር፣ እግሪ መኸል ድማ፡ ካብ መንደፈራ ንሸነኽ ደቡብ 5 ኪሎ-ሜተር ርሒቓን ይርከባ።



# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ፍቕሪ እስራኤልን ኢራንን ብኸመይ ናብ ጽልኢ ማዕቢሉ?

ኣብ ትሕቲ ብሪጣንያ ዝጸንሐት ፓለስታይን ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክልተ ክትምቀል ምስ ተወሰነ፡ እስራኤል ኣብ 1948 ናጽነት ክትእውጅ እንከላ - ንእስራኤል ኣፍልጦ ካብ ዝሃባ ቀዳሞት ሃገራት ሓንቲ ኢራን እያ ነይራ። ደድሕሪ ቱርኪ ካልኣይቲ ሃገር ማእከላይ ምብራቕ ብፆሙ ድማ ምስ ሓዳስ እስራኤል ጥቡቕ ዝምድና ገበረት።

ኣብቲ እዋን እቲ ብንግስቲ እትመሓደር ዝነበረት ኢራን፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ መሓዛት ኣመሪካ ካብ ዝነበራ ሃገራት ሓንቲ እያ ነይራ። ናይ መወዳእታ ንጉስ እታ ሃገር ዝነበረ ሻህ መሓመድ ሬዛ ፓህላቪ ኣብ ንግስነት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እቲ ዝዓበየ ናይ ኣይሁዳውያን ማሕበረሰብ ኣብ ኢራን ምንባሩ ጸብጻባት ይዝክሩ።

ኣብ እስራኤል ዝፈሪ ናውቲ ቴክኖሎጂ፡ ፍርያት ሕርሻን ኣጽዋርን ናብ ኢራን ክለኣኽ እንከሎ፡ እስራኤል ካብ እተእትዎ ነዳዲ ዘይቲ - እቲ 40 ሚእታዊት ካብ ኢራን እዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ ንግዱ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ መንግስታት ጥቡቕ ናይ ጸጥታዊ ምትእስሳር እውን ከም ዝነበረ ይፍለጥ።

ኣብ ኢራን ፈኸም ክብል ዝጸንሐ ተቓውሞ ኣንጻር ኣድሓርሓሪ መንግስቲ ሻህ፡ ናብ እስላማዊ ሰውራ ማዕበሉ - ነቲ ሃጼያዊ ስርዓት ኣብ 1979 ካብታ ሃገር ኣልገሶ። ኣብ ፈረንሳ ተሰዲዱ ዝቕመጥ ዝነበረ ኣያቶላህ ኣልኹመይኒ ናብ ሃገሩ ኢራን ተመለሰ ኸኣ እስላማዊ መንግስቲ ማሰረተ። ኣብ መንጎ እስራኤልን ኢራንን ዝነበረ ዲፕሎማሲያዊ ርክብት ሻቡ ላሕሊሑ፡ እስራኤል፡ ነቲ ብዕልዋ ስልጣን ዝሓዘ መንግስቲ ኣፍልጦ ኣይሃበቶን። እቲ ኣብ ኢራን ዝተመስረተ መንግስቲ እውን "እስራኤል፡ ብዘይሕጋዊ ኣግባብ ኣብ ልዕሊ እየሩሳሌም ኀብጣ ኣቱዩ" እናበለ ይገልጽ ነይሩ። ክንጽር እቲ ምቅሕሓር ዝበዝሖ ርክብት ግና፡ ዘይውግዓዊ ናይ ንግዲ ዝምድናታት ይቐጽል ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ።

ርክብት ክልቲኣን ሃገራት ደኣ እናዝሓተለ ይኺድ እምበር፡ ካብ 1980 ክሳዕ 1988 ኣብ ዒራቕ ዝነበረ ሰልፊ ብዐስ ኣብ ኢራን ወረር ኣብ ዘካየደሉ ግዜ፡ እስራኤል ናይ 1500 ሚሳይላት ሓገዝ ናብ ኢራን ምልኣኻ ምንጮታት ይሕብሩ። እቲ ንኽልቲኣን ሃገራት ኣደኪሙ ከም ዘብቅዐ ይፍለጥ።

ኣብ ከባቢ 1975 ኣብ ሊባኖስ ዝተወልዐ ሃይማኖታዊ ድሕረባይታ ዝነበሮ ውግእ ሓድሕድ፡ ነታ ሃገር በታቲንዋ ነበረ። ኣብቲ እዋን እቲ ንሓድሕዶም ዝጣፍኡ ዝነበሩ ሊባኖሳውያን፡ ብናይ ግዳም ተደናገጽቲ ይድገፉ ምንባሮም ይግለጽ። ኣቐድም ኣቢሎም፡ ካብ የርዳኖስ ዝተጠረዙ ፍልስጤማውያን፡ ኣብ ሊባኖስ ካብ ዝነበረ መሓከራት ሰደተኛታት እናተደገፉ - ይድልደሉን ኣብ መንጎ ሊባኖሳውያን የሻርወን ስለዝነበሩ፡ ጸላኢ ከጥርዩ ግድን ነበረ።

እስራኤል ከኣ፡ ብዝተወሰኑ ሊባኖሳውያን ውድባት እናተደገፈት፡ ነቲ ኩነታት መዝሚዛ ኣብ 1982 ዶብ ጥሒሳ ናብ ሊባኖስ ሰራዊታ ኣእተወት። ብኢራን ዝድገፍ ሕዝቡላህ ዝተባህለ ዕጡቕ ድማ፡ ኣብቲ ምስ እስራኤል ዘዳውብ ቦታታት ኣንጻር እስራኤል ክጣበፍ ጀመረ።

ኣብቲ ሽዓ ብጻዕቂ ዝነበሩሉ ቦታታት ሊባኖስ ዓሪዱ - ንሰራዊት ኣስራኤል ዘጥቅዕ ዝነበረ ሕዝቡላህ፡ ካብ እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ደገፋት ይረክብ ነበረ። ኣብ ሊባኖስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣርጀንቲና ብዙኸታታሊ ክልተ ግዜ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ማሕበራትም ውግእ ካብ ክልቲኡ ወገን ብኣማኢት ኣሽሓት ወተሃደራትን ምሊሻታትን ለኪሙ ኣይሁዳውያን እውን ብውድብ ሕዝቡላህ ከም ዝኸሉ ይጥርጥሩ።




ኣብ መንጎ እስራኤልን ኢራንን ዝነበረ ዝምድናታት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናላሕለሐ ምስ ከደ፡ ኣብ 2005 ኢራናዊ መራሒ ኣሕመዲነጃድ - ህልውና እስራኤል ኣብ መፈጸምታ ክበጽሕ ከም ዘለዎ ብጋህዲ ይዛረብ ምንባሩ ይዝከር። ኣብቲ እዋን እቲ ኢራን፡ ኢስፈሃን ኣብ ዝተባህለ ነቑጣ መደብር መቃመሚ ኑክሌር ክትደኽዕን ጀሚራ።

ኢራን፡ እቲ ናይ ምርምር ስራሕ ከተቋርጽ - ካብ ብዙሕ ሸነኻት እኳ ተቓውሞ እንተወሓዘ፡ ንሳ 'እስላማዊ መደብት' እዩ እትብሎ ምምዕባል ኑክሌራዊ ጸዓት ኣየቋረጸትን። ኣብ 2015 ምስ ሓያላት ሃገራት ዓለም ኣብ ስምምዕ በጺሓ ነይራ፣ እቲ ምርምር ግን ይቕጽል ከም ዘሎ ምንጮታት ይሕብሩ።

ኣብ 2011 ኣብ ሶርያ ኣብ ዝተወልዐ ሓድሕዳዊ ኩናት፡ ኢራንን ናይ ሊባኖስ ሕዝቡላህን፡ ኣብ ጎድኒ መንግስቲ ሶርያ ብምስላፎም፡ ንእስራኤል ተወሳኺ ስክፍታ ዝፈጠረ ኩነ፡ ካብ 2013 ኣትሒዛ እምበኣር እስራኤል፡ ናይ ተጻባኢ ዒላማ ኣብ ዝበሎ ነቑጣታት ሶርያ፡ ብኣማኢት ዝቖጸር ናይ ኣየር ደብዳብ ከተካይድጸኒሓ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ፡ ካብ ሃገራት ምዕራብ ይኹን ምብራቕ ዝቃወም ድምጺ ተሰሚዑ ኣይፈልጥን።

ኣብ ዝሓለፈ 1 ሚያዝያ እውን ኣብ ልዕሊ ኣብ ሶርያ ዝነበረ ናይ ኢራን ቆንስላዊ ቤት-ጽሕፈት ደብዳብ ኣካይዳ፡ ሓያሎ ወተሃደራውያን ክኢላታት ብምቕታላ ድማ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ማእከላይ ምብራቕ ናብ ሓድሽ መደረኽ ኣብ ዘሰጋገረ ወጥሪ ኣትዩ ይርከብ።

## ካብ ቓዛ እናገፍሐ ዝኸደ ዓንኬል ውግእ. . .

እስራኤል፡ ኣብ ደማስቆ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ቤት-ጽሕፈት ቆንስል ኢራን ዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ካብ ኢራን ብዘይ ሕነ ምፍዳይ ከም ዘይሓልፍ ክገልጹ ዝጸንሑ ወገናት፡ ናብ ዘቋርጽ ዓቢ ናይ ውግእ ባርዕ ክሰጋገር ዘለዎ ተኽእሎታት እውን ከጠንቅቑ ጸኒሖም እዮም። ፕረዚደንት ጆ ባይደን ንባዕሉ - "ኢራን ቀሊል ዘይብሃል መጥቃዕቲ ከም እትፍኑ" ድሕሪ ምዝኽኻር፡ "ኣመሪካ ብድርዒ ሓጺን ከም እትከላኸል" ይሕብር ነይሩ።

ኣብ መንጎ ኢራንን እስራኤልን ዝቖጥል ዝነበረ ቃላት፡ ኢራን ሕነ ክይፈደየት ሰቕ ከም ዘይትብል፡ እስራኤል ድማ ክትከላኸል ዓቕሚ ከምዘለዋ የስምዕ ነይሩ። ኣስታት ክልተ ቕነ ድሕሪ መጥቃዕቲ ከተማ ደማስቆ፡ ኢራን ብ13 ሚያዝያ ናብ እስራኤል ሌይታዊ መጥቃዕቲ ከተካይድ ሓዲራ። እስራኤል፡ የርዳኖስ፡ ሊባኖስን ዒራቕን - ካብ ኢራን ዝፍኖ መጥቃዕቲ ዘይተርፍ ምዃኑ ብምእማኑ ብኣየራዊ ግዝኣተን ኣፍርቲ መጉዓዝያ ከይሓልፉ ዓጺየን ነበራ።

ሰማያት ሓያሎ ሃገራት ካብ ምንቅስቓስ ናይ ሰላማዊ መጉዓዝያታት ኣየር ስለዝተዓጽወ፡ እስራኤል እቲ ዝመጽኣ ሚሳይላትን ድሮናትን ናይ ኢራን ምዃኑ ከቶ ኣይተሰሓተቶን። ኢራን እውን፡ ብኸፉት ሰማያት ብዘይ ስክፍታ ናብ እስራኤል ዝደለየቶ ማጠን ተወንጨፍቲ ኣጽዋር ክትፍኑ ኣኽኢልዋ። ኣመሪካ፡ ፈረንሳን ብሪጣንያን ነቲ ካብ ኢራን ዝፍኖ ዝነበረ ተወንጨፍቲ ኣብ ሰማይ እንከሎ ብምምካን፡ ንእስራኤል ዓቢ ሓገዝ ገይረን እየን። ብኣየራት የርዳኖስ ናብ እስራኤል ዝሓልፍ ዝነበረ ተወንጨፍቲ፡ ሓይሊታት ኣየር ፈረንሳ ሃሪሞም ከም ዘውደቕዎ ተሓቢሩ ነይሩ።

ካብ ኢራን ዝተበገሰ ኣስታት 300 ዝኾውን ብሓባር ኣንፈት ናብ ዒላማ ዝኸዓዘ ዓይነታት ሚሳይልን ኒታጉ ጸዳ ሰቡኣልቦ ነፈርትን ናብ ነቑጣታት እስራኤል ተፈንዩ። ዳርጋ ኩሉ ግና ብምኽልኻሊ ኣጽዋር ተሃሪሙ። እዚ ግና ካብ 1973 ንደሓር - ካብ ካልእ ሃገር ናብ እስራኤል ዝቐንዐ ናይ መጀመርታ መጥቃዕቲ ስለዝነበረ፡ ፍሉይ ወተሃደራዊ ትርጉም ከህብ ክኢሉ ኣሎ። ኢራን፡ እስራኤል ኣዳብ እንተደኣ ዘይገይራ ካብዚ ዝገደደ መጥቃዕቲ ክወርዳ ከም ዝኽእል እናኣጠንቀቐት፡ ክንጽር እዚ ወጥሪ ከም ዘይተደሊ ኣፍሊጣ። እቲ መጥቃዕቲ ሽቶኡ ከም ዝዘረመ ብምግላጽ እውን፡ እስራኤል ተወሳኺ ሃገር ከይትጽሕትር ኣገዚባ፡ ብወገን እስራኤል ግና ኣንጻሩ ዝኸውን ቃላት እዩ ዝሰምዕ ዘሎ።

ካብ ሓያሎ መራሕቲ ሃገራት ዓለም እውን እስራኤል ክትህድእ ዝምሕጸን ለበዋታት ክሰምዕ ቀንዩ ነይሩ። እንተኾነ እስራኤል ሕነ ናይ ምፍዳይ ድምጺ ተሰምዐ ስለዝነበረት፡ ኣብ መጥቃዕቲ ኢራን ዝደገፍዋ መሓዛት ከይተረፉ - ንእስራኤል ከተሃዳድኡ ዲፕሎማሲያዊ መኻታት ዝገበሩ ነይሮም። ኣብ እየሩሳሌም በጺሑ ዝተመልሰ ሚኒስትር ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ዴቪድ ካሜሮን፡ እስራኤል ነቲ ብኢራን ዝተኻየደ መጥቃዕቲ መልሲ ክይህብትሉ ከም ዘይትተርፍ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ዝተፈጥረ ወጥሪ ብደገፍቲ ዕጡቓት ዝኾነር ዘይቀጥታዊ መጥቃዕትን ጸረ-መጥቃዕትን ዘይካኡሉ መንግስቲ ኣንጻር መንግስቲ ናብ ዝኸሰ ውግእ ዝምዕብል መደረኽ እዩ። እስራኤል እንድሕር ኣጥቂዓ ድሕሪኡ ኢራን ብሸቕታ ከም ዘይትርኢ ርዱእ ነገር እዩ። ሓማስ ኣብ 7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል መጥቃዕቲ ከፊቱ ኣስታት 1300 ሰባት ዝቖተለሉ ውግእን ድሕሪኡ ዝጀመረ ወተሃደራዊ ወፍሪ እስራኤል ናብ ቓዛ፡ ንኽልኦት ሃገራት ክይሰሕብ ስግኣት ፈጢሩ።

ብዘይካ እተን ሕዝቡላህ ካብ መሬት ሊባኖስ ሓሓሊፉ ዝትተሶ ዝነበረ መዳፍዕ ኣንጻር እስራኤል መጥቃዕቲ ዝፍጹመ ሓይሊ ኣይዝበረን። ሓማስ ድሕሪ እታ ሓንቲ መዓልቲ ዘካየዳ ወረር ኣየትከለን። ሻቡ ኣስታት ፍርቀም ቁልዑ ዝኾኑ - ልዕሊ 30 ሽሕ ሰላማውያን ነበርቲ ቓዛ ከም እተቐትለ፡ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና እታ ግዝኣት ይሕብር። እቲ ቀደሚ መንፈቕ ረቡሓ ዘለወን ሃገራት ከይሰሕብ ስክፍታ ፈጢሩ ዝነበረ ግጭት እምበኣር፡ ኣብዚ እዋን እዚ ናብ ካልእ ገጹ ማዕበሉ ይርከብ። ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ክፍጠር ብዙሓ ዝኽእል ናይ ሕነ ምፍድዳይ ግጭታት፡ ጠለዩ ርእይቶታት ዝሀቡ ወገናት ኣለዉ። እቲ ክፍጠር ዝኽእል ግጭት ካብ ክልቲኣን ሃገራት ከም ዘይሓልፍ ዝገምቱ እውን ኣለዉ።

ቀዳማይን ካልኣይን ውግእ ዓለም ዝወልዐ - ጠለዩ ምኽንያታት እዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋህው፡ ካብቲ ኣብ ክልቲኡ ኩናት ዓለም ዝነበረ ዝተፈልየ እዩ። "ናይ ጸላእየይ ጸላኢ - ፈታዊየይ" ኢልካ ዝኣተዮ ኩናት የለን - ኣብዚ ግዜ እዚ። ኩለን ሓያላን ሃገራት ዓለም ግብረ-ሽበራ ኣብ ምክልኻል ናይ ሓባር ስክፍታ ኣለወን። ረቡሓ ዝረኽባሉ ዝተሓላለኸ መርገጺታት እውን ኣለወን። ማእከላይ ምብራቕ ከኣ ከም'ቲ ኣብ ሰነዓታት ዝነበሮ ኣይኮነን ዘሎ። ናይ ሓባር ስትራተጂ ዘለዎ ደምጺታት እውን ኣይሰማዕን።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ኢራን መልሲ ከምዝይትሀብ ገይሩ ንኢራን ከጥቅዕ ዝኽእል ወተሃደራዊ ሰጉምቲ እስራኤል፡ ካብ ሕጂ ክሳብ ዝኾነ ዝኸኣል ኣይኮነን። ኢራን እውን ብዘይ መልሲ ሰቕ ክትብል ስለዘይትኽእል፡ ካልእ ሓድሽ ዓንኬል ጉንጺ ምእንቲ ከይፍጠር - ሓያል ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ይቕየድ ኣሎ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ሰውራ ሸቃሎ ኣበይ በጺሑ. . .

ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ - ኣብ ፈለማ 2024 ንህልው ኩነታት ዕዮን ዓያይነትን ማሰረት ብምግባር ኣብ ዘርግሖ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ፡ ምስ ምጅማር ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ክሰሎ ዝጀመረ ብደሆታትን ጸገማትን ሸቃሎ፡ ገና ንዝሰፍሐ ክፋል ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ዓለምና ደጺሉ ከምዘሎ የገንዝብ። እዚ ንህልው ዓለማዊ ኩነታት ሸቐለት ዘብርህ ሓበሬታ፡ ዓለምና በጺሓቶ ምስ ዘላ ምዕባለ ብምንጽጻር፡ ኣሰንባዲ ዝብሃል መረዳእታታት ዝሓቘፈ እዩ።

ከም ኣበሃህላ፡ ኣብ 2024 መጠን ሸቐለት ኣልቦነት 5.2 ሚእታዊት (190.8 ሚልዮን ሰባት) ክበጽሕ ምኻኑ፡ እዚ ማለት - እዚ ዝገለጽ ዘሎ መጠን ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ፡ ክእለትን ዓቕምን ሃልዩዎ ስራሕ እናደለየ - ግን ደማ ክረኽብ ዘይክኣለ ከምዝኾነ ይግመት።

እቲ ምንጪ ሓበሬታ ከም ዘረድኦ፡ ክሳዕ ክልተ ቢልዮን ዝበጽሑ ሰራሕተኛ፡ ኣብ ዘይወግዓዊ ጽላት-ቁጠባ ይሳተፉ ኣለው። ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ብዙሕ መዳያት ዓቢ ጋግ ከምዘሎ ድማ የረድእ። እቲ ውድብ ኣብ 2023 ኣብ ዝዘርግሖ ካልእ መጽናዕታዊ ሓበሬታ፡ ክሳዕ 241 ሚልዮን ዝበጽሑ ሰራሕተኛታት ኣብ ትሕቲ ክቱር ድኽነት ከም ዝነብሩ የገንዝብ። ኣብ መንጎ ሓደ ሚእታዊት ክፋል ህዝቢ ዓለም ዝሽፍኑ ሃብታማትን ዝተረፈ ክፋል ህዝቢ ዓለምናን ዘሎ ናይ ሃብቲ ምቕራሕ ጋግ፡ ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ ገፊሑ ከምዘሎ ዘረድእ እቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ናይ ምጉዳል ምልክት ከርኢ ዝጸንሐ ተሳትፎ ህጻናት ኣብ ሸቕለት፡ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ክብርኽ ከምዝኾነ የጠንቅቕ።

ብመሰረት'ቲ ዝርዝራዊ ሓበሬታ፡ 160 ሚልዮን ህጻናት ወይ ሓደ ካብ ነፍሲ-ወከፍ 10 ህጻናት ኣብ ሸቕለት ዝርከቡ ኮይኖም፡ ፍርቂ ካብ'ዞም ኣብ ሸቕለት ኣለው ዝተባህሉ ህጻናት - ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ዓይነት ስራሕ ዝተዋፈሩ እዮም።

ሸቃሎ ኣብ ፈለማ 18 ክዘመን ንዘጠስዎ ምዝመዛን ወጽዓን ሰራሕተኛታት ንምውጋድን ፍትሒ ንምንጋስን ማሰረት ዝገበረ ሰውራ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ እዚ ብኸመይ ናይዚ እዋን መጠን ክህሉ ግሒቶሞ ነይሮም ኢልካ ክዝረበሉ ኣጸጋሚ ይኹን። ኣብ'ቲ መዋእል ዝተበገሰ ሰውራ ሸቃሎ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ መንግስታት፡ ኮርፖረሽናትን ኣሰራሕትን ንዝተበገሰ ፍትሓዊ ቃልሲ ክሰማምዕሉን ሰሚሮም ምስ ሸቃሎ ንምርግጋጹ ክጽዕሩን ከም ዝኽእሉ እውን ትጽቢት ብዙሓት ነይሩ ክኸውን ይኽእል። እቲ ካብ 18 ክዘመን (ምስ ምጅማር ቀዳማይ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ) ዝተበገሰ ምንቅስቓስ ሸቃሎን ፍትሓዊ ዕላማታቱን ገና ዓይነትን ብዝሕን ብደሆታት እናገጠሞ "ማሕበራዊ ፍትሒ" ንምንጋስ ብዘጸምዎ ደረጃ ይቃጸል ከምዘሎ ይትንተን።

ምስ ምህዞ ብዙሓት ዝሰርሓ ማሽነሪታትን ምትእትታው ማስመራት ባቡርን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝፈለመ ቀዳማይ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ፡ ዋሕዚ ሸቃሎ ካብ ገጠራት ናብ ከተማታት ከምኡ'ውን ኣዕምር ብዝበዝሐ ምፍራይ ወይ ምቕራብ ኣገልግሎት ከምዝስፋሕፍሕ ካብ ዝገበረ እዩ። ብመንጽር ዝተኸሰተ ሓደሽ መዋእል፡ ኣውዳድባን ቅርጻን ስራሕ ከምኡ'ውን ኣሰላልፋ ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣሰራሕቲ ኑ'ቲ ዝተፈጠረ ምዕባለ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል ገደብ ዘይብሉ ናይ ምዝመዛ ኣካይዳ ብምጥቃም - ናይ ፈለማ ዝበሃል ተርእዮ ሓደሽ ጋግ ኣብ መንጎ ድኻታትን ሃብታማትን ኣግሃዱ። መዓልታዊ 16ን ልዕሊኡን ዝኸይድ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ዝኾነ ናይ ድሕነትን ጥዕናን መምርሒ ይኹን መሳርሒታት ዘይምንባር፡ ኣዝዩ ትሑት ደሞዝ፡ ተሳትፎ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገር ዕዮታት. . . ካብ'ቶም ዓበይቲ ምኽንያታት ንምብጋስ ሰውራ ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

ተጠቃምነት ኤለክትሪክን ስርዓተ-ማስመር መጎጣጠሚን ከይብዩሉ ኣብ ዝጀመረ እዋን (19 ክ/ዘመን) ከም ዝፈለመ ዝግለጽ ካልኣይ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ፡ ኣብ ዝበረ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብጠለ ብልሓታውያን ዝበሃሉ ኣሰራሕቲ ለውጢ ክተኣታቶ እኳ እንተኸኣሉ፡ ምሉእ ከም ዘይነበረ ታሪኽ የረድእ። ከም ዝዓበየ ለውጢ ዝቖጸር፡ መዓልታዊ ብሸሞንተ ሰዓታት ክሰርሓ ዝኽእላ ትካላት ምጅማረን እዩ። ወጽዓታት ክጻወር ዘይክኣለ ሸቃላይ፡ ብንኡስ ወይ ብውልቀ ደረጃ ተቓውሞታቱ የርኢ እኳ እንተነበረ፡ ፍታሕ ዘምጽእ ምንቅስቓስ ኣይነበረን። ካብ'ዚ መድረኽ'ዚ ድማ እዩም - ሓብርካ ምቅላስ እኹ ኣማሪጺ ሸቃሎ ምኻኑ ናይ'ቲ ግዜ ጸለውቲ ሸቃሎ ዝተገንዘበ።

ቀስ እናበለ ዝማዕበለ ናይ ሸቃሎ ውዳበታት፡ ዝተፈላለየ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ንኽምስረታን ወሁድ ሰውራ ንክበግሶምን ኣኽኢሉ። ኣብ'ቲ ግዜ ዝተማስረታ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ንረብሓታት ሓፋሽ ኣይወቅልን ንዝበሉ ንግስቲታት ይኹን መንግስታት ክሳዕ ምዕላው ሓይሊ ዝበሮ ሰውራታት ዘበጋጎሳ ምንባረን ታሪኽ የረድእ። ክጥቀስ ዝግብኦ ሓቂ እንተሎ፡ ዘይተም ዘወክልኦ ብዙሕን ዘሰኑኻኦ ሓይልን ገለ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ኣብ ገለ ኣጀንዳታት ሰሚዒታዊ ምንቅስቓስ ከካይዳን ርእሱማልነት ፍታሕ ሸቃሎ ምኻኑ ክሰብኡላን ተረኣዩ።


ውዱብ መልክዕ ብምሓዝ ዝሓበረ ጸላውን ወኻልን ድምጺ ሸቃሎ ንኽህሉ ይሕግዝ እዩ ብምባል - ማሕበራት ሰራሕተኛታት ክምስረታ ኣብ ዝጀመራሉ ግዜ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለ ወጽኢት ተራእይዎ ነይሩ፣ እንተኾነ፡ ኣብ ዝበዝሓ ማሕበራት ብፍላይ ድማ እተን ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝርከባ ሞያውያን ማሕበራት፡ በብዝኾኑ ጭውያ ተገይሩ። ኑ'ቲ ብዘሰፍ ዝተጸበየን ሸቃላይ ዝወክል ቃልሲ ኣበገሶ ክቕጽላን ከረጋግጽን ከም ዘይክኣላ ይትንተን።

ኣብ ወርሒ ሰ 2023 መበል 111 ዋዕላኡ ዘካየደ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ፡ ብዋና ጸሓፊ'ቲ ውድብ ጂልበርት ኤፍ. ሆንግቦ "ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ" ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ወረቐት ነይሩ። እቲ ኣፍሪቃዊ ዋና ጸሓፊ ኣብ ዘቕረቦ ወረቐት፡ ኣብ ዓለምና ንዝርአ ዘሎ ናይ ቍጠባ ጋግ ንምጽዕራራይ ኣብ ሃገራዊ ዞባውን ዓለማውን ፖሊሲታትን መደባትን ስርዓታዊ ምትእስሳር ክፍጠር ወሳኒ ምኻኑ ገሊጹ ነይሩ። ንዓለማዊ ኩነታት ሸቐለት ዝፈታተኑ ብደሆታት ኣብ ዝመጽኡሉ - ርኢኻ ከም ዘይርኣኻ ምሕላፍ ክተርፍ ድማ ብሰሚዒት ንሽሉ ዝምልከቶ ክጽወዕ ተራእዩ፡ ኣብ ቅልውላው ዝጠዘሐ እዋን ከም ዘለና ከረድእ ዝፈተነ እቲ ዋና ጸሓፊ፡ ነፍሲ-ወከፍ ቅልውላው ኣብ ፖሊሲታትን ስርዓታትን ዘሎ ሃጓፋትን ቅርጻዊ ዘይምዕሩይነትን ምግሃዱ እውን ከጽርር ፈቲኑ።

ራብዓይ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ኣብ ማስርሕ ምፍራይ፡ ዲሞግራፍያዊ ነውጻን ኣከባቢን ኣብ ግምት ዘእቱ ቍጠባታት መሰረታዊ ለውጢ ከማዕብል ትጽቢት ከም ዝግበረሉ ዝገለጸ ጂልበርት፡ ብኣንጻር ናይ'ዚ ግን፡ ኣርባዕተ ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ኣገልግሎት ከም ዘይረኽቡ፡ ክሳዕ 214 ሚልዮን ዝኣኽሉ ሰራሕተኛታት ትሕቲ ማስመር ድኽነት ክፍሊት/ደሞዝ ከም ዝረኽቡ፡ ብርክት ዝበሉ ንኣሽቱን ማእከሎትን ዋኒናት ምጥፋሽን፡ ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ካብ ደቂ-ተባዕትዮ መዛኑኦን ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ መጠን ደሞዝ ይረኽባ ከም ዘለዋ ኣተሓሳሰበ። ማሕበራዊ ፍትሒ ከም መርሓ ብምሓዙ ወህደት ሃገራት ከም ዘድልዩ ድማ ገለጸ።

ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ናይ መውዳእታ ዕላማ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ምኻኑ ዝገለጸ ጂልበርት፡ እዚ ኣብ ምትግባር ግን - ብርክት ዝበሉ ማሕንቖታት ከም ዘለዉ ኣረዲኡ። ኣብ ማሕበራዊ መዳይ ዝግበር ዘይእኹል ወፍሪ፡ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ዘይምዕሩይነት፡ ከበድ ዕዳ ሃገራት - ምስ'ቲ ኣብ መንጎ ሃገራት ዘሎ ዘይምዕሩይ ፖሊሲታት ተደሚሩ ንትግባረ ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ዓንቀፍ ከምዘሎ ኣብ መዘዞሚ ጽብጻቡ ኣረዲኡ።

እዚ ብዋና ጸሓፊ ናይ'ቲ ኣህጉራዊ ውድብ ዝቐረበ ወረቐት፡ ንህልው ብደሆታት ሸቃሎ ዝውክል ዲዩ? ዝብል ማሰረታዊ ሕቶ ዘልዕል ኮይኑ፡ ብርግጽ እቲ ውድብ ሰር ብደሆታት ሸቃሎ እንታይ ምኻኑ ብትኽክል ንምልላይ፡ በቲ ዝመልኮ ናይ መጽናዕትን ምእካብ ሓበሬታ ክእለት ሰራሕሉን ወፍሪ ገይሩሉን ክትብል ኣይክኣልን። እዚ ፍሉይ ኣካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት እናተባህለ ዝጽዋዕ ስሉሳዊ ውዳብ ዕዮ፡ ከም ልምዲ ዓመት መጸኣ ኣብ ዝጋብኣሉ እዋን፡ ኑ'ቲ ዓመት የኸይዲ እዩ ዝበሎ ብዘተኻዕባዊ ቃላት ዝተቐበበ ኣርእስቲ ብመገዲ ዋና ጸሓፊኡ ንኣባል ሃገራት የቕርብ። እዚ፡ ኑ'ቲ ኣብ 1919 ዝተማስረተ ውድብ፡ ኣብ ዝበዝሐ ዕድሚኡ ስሩዕ ኣካይዳኡ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ ክበሃል እውን ይከኣል።



ምስ'ቲ ሰውራ ነባሪ ፍታሕ ከምጽእ ኣለዎ ዝብል መረዳእታ ብምንጽጻር ክኡ፡ እቲ ውድብ ማሰረታዊ ፍታሕ ንቐጻሊ ሰውራ ሸቃሎ ደፋኢ ሓይሊ እዩ ተባሂሉ ክየምገም ኣመና የሸግር። ኣብ ዕዮን ዓያይነትን ዝምዝዙብ ለውጢ፡ ሓይሊ ናይ'ዚ ውድብ ዘይክኑ ሃገራት ናይ ህዝቢ ኣብ ዝኾናሉ ብዝበዝሐ ዝሃሃድ ምኻኑ፡ ሓደ ካብ'ቲ ዝቐርብ ኣበነት እዩ። እቲ ውድብ ከም ቀንዲ ብልሚኡ ዝርእዮ፡ ሃገራዊ ፖሊሲታት ኣብ ምንዳፍ ዝሕግዝ መወከሲታት ኣብ ምንዳፍ፡ ብቐጻሊ ዝሰርሕ ምኻኑ እዩ።

ለቦዳ ኮቪድ-19 ሓያል ነውጺ ብምፍጣር፡ ኣብ ደረጃ መቑብሮ ብመጠኑ ተመዝጊቡ ንዝበረ እወታዊ ወሸክ ንድሕሪት መለሰዎ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ንዘሎ ማሕበራውን ቁጠባውን ሃጓፋት ንኽቃላዕ ከም ዘኽኣለ ድማ ይግለጽ። ኣብ 2023 ዝዘርግሖ ጸብጻብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ከም ዘረድኦ፡ 685 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም - ኣብ መውዳእታ 2022 ኣብ ትሕቲ ክቱር ማስመር ድኽነት ነይሩ፣ ዝበዝሑ ካብዚኦም ድማ ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ እዮም። ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት፡ 207 ሚልዮን ሰባት ስራሕ ኣልቦ ከም ዝነበሩ፡ ስእነት ዕድላት ሸቐለት - ኑ'ቲ ካብ ትምህርቲ ናብ ስራሕ ክህሉ ዝበሮ ስሩዕ ሰሞግር ብኣሉታ ከም ዝጸለዎ ይሕብር። ኣብቶም ሸቐለት ኣለዎም ዝበሃሉ ሰራሕተኛታት እውን፡ እቲ ልዕሊ 60 ሚእታዊት ኣብ ዘይወግዓዊ ጽላት-ቁጠባ ብዘለጥፉ ሰባት ከም ዝሸፍን እቲ ሓበሬታ የረድእ።


ሸቃሎ፡ ንዝተበገሰ ፍትሓዊ ቃልሲ ክሳዕ እዚ እዋን ብምሉእነት ክቡናጸፍዎ ዘይምብቅዖም ከም ፍሽለት ክጥቀስ ዘይክኣል ኮይኑ፡ ብኣንጻሩ - ዝተበገሰ ሰውራ ቡብመድረኹ ይዝውሰኽዎ ንዝበሩ ብደሆታት እናጸገበረ ብቐጻሊ ዝሰራሓሉ ምንቅስቓስ ምኻኑ ግን፡ ሓባራዊ መረዳእታ ሸቃሎን ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ከምዘሎ ይግምገም። ገና'ውን ንፍትሓዊ ዕላማታት መሰረት ገይሩ ዝተበገሰ ሰውራታት ሸቃሎ ዝተፈላለየ መልክዖት ክሕዝ ተራእዩ፡ ክሳዕ'ዚ እዋን ምእኩልን ዓማምን ዝኾነ ዓለማዊ ውዳብ ክሕዝ ተጻጊሙ'ን ኣሎ። ከም ኣበነት፡ ዝዓበየ ውዳብ ሰራሕተኛታት ዓለም ተባሂሉ ክጥቀስ ዝኽእል ኣህጉራዊ ኮንፌደረሽን ሞያውያን ማሕበራት (International Trade Union Confederation – ITUC) ኣብ 2006 ሓድነታዊ ጉባኤ ከኻይድ ከሎ፡ ካብ 200 ሚልዮን ሰራሕተኛታት ንላዕሊ ኣባላት ክሕዝ ኣይከኣለን፣ ንረብሓ ኩሉ ሰራሕተኛ ዝውክል እዩ ክበሃል'ውን የጸግም እዩ።

ብዘበርም መልክዑ እውን፡ ኑ'ቲ ክሳዕ 300 ሚልዮን ሰራሕተኛታት ዝሓቕፍ ዝዋበየ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዓለምና ዝኾነ ጠቕላሊ ፌደረሽን ሞያዊ ማሕበራት ቻይና (All-China Federation of Trade Unions) ብኣባልነት ክሓቑፍ ኣይከኣለን ዘሎ። እዚ ዘረድኦ ሰውራ ሸቃሎ ዋላ'ኳ ዝረብሕሉ ሕብረተሰባትን ሃገራትን እንተለው፡ ምስ'ቲ ዝተጉብረሉ ትጽቢትን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ወሰድሉ ዘሎ ግዜን ብምንጽጻር ግን፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳዩ መሰረታዊ ለውጥታት ከም ዘድልዮ ይግምገም። ብዓበኡ ድሕሪት ዝተርፍ ወይ ዝጉሳ ሰራሕተኛ ከይህሉ፡ ከም ቀዳምነት ዘእቱ ሓደሽ ሰውራ ከም ዘድሊ ይግመት።

ብሓፈሻኡ፡ ኣብ ደረጃታት መሰረታውያን መሰላት ዕዮ ለውጢ ተመዝጊቡ ኣሎ። እዚ ግን ብመንጽር ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መድረኽ ወይ መጻኢ ስራሕ ዝፍጠሩ ብደሆታት ዘቕስን ኣይኮነን። ነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ ዘለዎ ሞያ/ክእለት ጽባሕ ውሕስቲ ንምግባሩ ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ ክህሉ ይግደድ ኣሎ። እዚ፡ ኩሉ ሰራሕተኛ ኣብ ዕምሪ ልክዕ ዝኸይድ ናይ ትምህርትን ስልጠናን መደባት ንኽሳተፍ፡ ተክኖሎጂ ኣቐዲሙ ንኽመልኽ ግዜ ዝጠልብ፡ ንብር ህይወት ኩሉ ሰራሕተኛ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። በዚ መንጽር፡ ኣብ ግዜ ቀዳማይ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ንዝተላዕሉ ገደብ ዘይብሎም ምዝመዛ ሸቃሎ ንምፍታሕ ዝተበገሰ ሰውራ ሸቃሎ፡ ዝተፈላለዩ ዓወታት፡ መድረኻት፡ ቅርጽታት ሓሊፉ -ገና ሓደስቲ ብደሆታት ንምቅላስ ፈኺም ይብል ኣሎ። ምስ ኣሰራሕቲ ጥራይ ዝበረ ቃልሲ ባዕሉ እቲ ዕዮ'ውን ሓደሽ ባህሪ እናፈጠረ፡ ጠለባት እናወሰኸ ካልእ ግንባር ቃልሲ ኮይኑ ይርከብ።

ተኸሲቱ ዘሎ ዘይፍትሓውነትን ዘይምዕሩይነትን ክብሪ መቑብሮ፡ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ፡ ጂኦፖለቲካዊ ዘይርጉእነትን ካልኦትን ዝተጠናነጉ ቅልውላዋት ይጋደዱ ከም ዘለዉ ንጹር ስእሊ ኣሎ። ድምር ናይ'ዚ ቅልውላዋት፡ እዋናውን ዝተወሃሃደን ናይ ፍታሕ መንገዲ እንተዘይረኺቡ፡ 'ብዙሑ ቅልውላው' ብምፍጣር - ከቢድን ናብ ቀጠባዊ ምኽት ከምርሕ ዝኽእል ነውጺን ከፍጥር ከም ዝኽእል ድማ ይግምገም። ሸቃሎ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ ዝጎጥሞም ዘሎ ብደሆታት ዘይንበር ክሳዕ ዝኾኑ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት'ውን ካብ'ቲ ልሙድ ብደሆታት ናይ ምፍታሕ ኣገባብ ዝወጽእሉ ግዜ ትማሊ ከም ዝኾነ ምግንዛብ የገድስ።

**ኣብርሃም በርኸት - ካብ ሳኢ መወከሲ - ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ**



# ኣገንኮሮ

ማርታ ክብሮም

## ካብ ኣደነቕቲ ጽምብላት መርዓ



1. **ሮማንያ - ምዝራፍ መርዓት፦** ኣብ ሮማንያ እታ መርዓት ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ቅንያት እንተ ተሰዊራ፥ ሃዲማ ወይ ጠፊኣ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብስድራ ወይ ኣዕሩኽ መርዓዊ ተዘሪፉ ኣላ ማለት እዩ። እዚ ስርዓት ኣብታ ሃገር ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ባህሊ እዩ። ድሕሪኡ መርዓዊ ነታ ብስድራ ቤቱ ወይ ኣዕሩኽቱ ተዘሪፋ ዘላ መርዓቱ ንምምላስ ክኸፍሎ ዝግደዶ ሃገር ኣሎ። ኣገዳሲ መሳጢ ፍቕራዊ ምልክታት ወይ ድማ በኢሪ ምልእቲ ሻምፓኝ ክኸፍል ይግደድ።

2. **ኬንያ - ኣብ ክዳን መርዓት ጠፍ ምባል፦** ኣብ መዓልቲ መርዓ ኣቦ እታ መርዓት ኣብ ክዳን መርዓት ጠፍ ይብል። ትርጉሙ ድማ 'ጽቡቕ ዕድል' ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ኬንያ ዝርከቡ ቀቢላ ማሳይ ንሱብ ዘለዎም ክብረት ንምግላጽ ጠፍ ይብሉ።

3. **ህንዲ - ምስራቕ ጫማ መርዓዊ፦** ኣብ ባህላዊ መርዓ ሂንዱ መርዓዊ ናብቲ ጽምብል መርዓ ዝተዳለወሉ ቦታ ኮፍ ኣብ ዝበለሉ ጫማኡ ኣውጺኡ እዩ ኮፍ ዝብል። ኮፍ ምስ በለ ድማ መሓዛት መርዓት ጫማ መርዓዊ ወሲደን ይሓብኣኦ። መርዓዊ ቅድሚ ጽምብል ምውድኡ ጫማኡ ንኽወስድ ነተን መሓዛት ገለ ገንዘብ ክህበን ይግደድ።

4. **ቻይና- ምብካይ መርዓት፦** ቻይናዊት ጓል ኣንስተይቲ ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ግዜ ምብካይ እያ ክትላመድ ትቕጽል። ስለዚ ኣብ ግዜ መርዓ ገጻ ንብዓት ዝመልኦ መርዓት ምርኣይ ልሙድ እዩ። ስለዚ ካብ ቅድሚ ወርሒ ዕለተ መርዓኣ ጀሚራ፥ ንመዓልቲ ሓንቲ ሰዓት ክትበኪ ትግደድ። ዓሰርተ መዓልታት በይና ምስ በኸየት ድማ ኣብቲ ናይ ምብካይ ስርዓት ኣዲኣን ዓባያን ይጽንብራኣ።

5. **ማለዥያ- ምሕራም መርዓውቲ ካብ ሽቓቕ፦** ኣብ ማለዥያን ኢንዶነዥያን ዝነብሩ ቀቢላ ቦርኖ፥ ድሕሪ ዕለተ መርዓኦም ዘሎ ሰለስተ መዓልቲ ንሽቓቕ ኢሎም ካብ ገዛ ክወጽኡ ኣይፍቀድን እዩ። ዝ. ከይጉዝፉ ድማ ሓለውቲ ይጉበሩሎም። ስለዚ ኣብዘን ሰለስተ መዓልታት ንእሽቶ መግቢን ውሑድ ዝስተን ጥራይ እዩ ዝቐርበሎም። እዚ ስርዓት፥ እዞም መርዓውቲ ከይፋትሑን ወይ'ውን ምስ ወለዱ ደቆም ብሕማም ከይሞትዎምን ከም ዝከላኸል ይኣምኑ።

6. **ኣውስትራልያ- ዕዱማት እምኒ ይሕዙ፦** ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ጽምብል መርዓ ዝኣተዉ ዕዱማት ፍሉይ ዝበለ እምኒ ኣብ ኢደም ክሕዙ ይግደዱ። እቲ ስርዓት መርዓ ምስ ተዛዘመ ድማ እቶም ዕዱማት ነቲ እምኒ ኣብ ሓደ ብፍሉይ ወቓቢ ዝተዳለወ ዓቢ ሽሓኒ የቐምጥዎ። ድሕሪ እዚ ድማ እዞም መርዓውቲ ሓዳር ምስ ገበሩ ነዚ ወቓቢት እምኒ ስድራ ቤቶምን መቕርቦምን ኣብ ዝመጽእሉ የርእይዎም።

## ምጥፋእ ሰንትያ ኣንደርሶን

ሰንትያ (ሲንዲ) ኣንደርሶን ማዕጾ ናይ ገዛኣ ክኸሕኮሕ ከሎ ሰራሕ ሒዛ ነበረት። ትጉብሮ ዝነበረት ኣቋሪጻ ድማ ማዕጾ ከፊተቶ። ትፈልጦ ሰብ ስለ ዝነበረ፥ መራሓቶ ገዛኣ ኣተወት። እቲ ሰብኣይ ደድሕሪኣ ሰዒቡ ምስ ኣተወ ግና ናብ



ኑብሳ ክቐርብ ብምድማጹ ትቃለሶ ነበረት። ናብ ገዛኣ ምእታዋ ድማ ኣዚያ ተጣዕሰት። ኣብ መውዳእታ ዓግዲ ቀተሎ፤ ሰንትያ ድሕሪ ኣሰንባዲ ሕልሚ ምሕላሙ ካብ ድቃሳ ተበራበረት። ተመሊሳ ምስ ደቀሰት'ውን እዚ ሕልሚ እያ መሊሳ ሓሊማቶ። ኣብታ ዓመት ድማ ብተደጋጋሚ ሓደ ሰብ ጨወዩ ዓግዲዎ። ቀጺሉ ድማ ክቐትላ ትሓልም ነበረት።

ሓደ ንግሆ፥ ሓፍቲ ሰንትያ ሓፍታ ክዕና ቀያይራ ንስራሕ ክትወፍር እናተበገሰት ከሎ ንኣዲኣ እናበኸየት ብዛዕባ እቲ ዘሰንብድ ትሓልሞ ዝነበረት ሕልምታት ትነግራ ከም ዝነበረት ትዝክር። ኣዲኣ ድማ ከተጸናንዓ እናፈተነት፥ ሕልሚ ጥራይ ምኻኑ ትነግራ ነበረት። ሲንዲ ግና መሊሳ ብኽያታ እናቐጸለት፥ "ማማ ቀቲሉኒ እኳ እዩ" ትብሎ ነበረት።

ሲንዲ ኣብቲ ዝጠፍኣትሉ ግዜ ጓል 20 ዓመት መንእሰይ እያ ነይራ። ንሳ ኣብ ኣኽሪርቲ ሰዓብቲ ክርስትና ስድራ እያ ዓብያ። ሲንዲ ኣዝያ ምጭውቲ፥ ምእዝዛዝ ሕውስቲ ህዱእ ባህርያትን ነበረ። ምስ ኣፍቃሪኣ ድማ ኣብ ሓደ ኮለጅ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ክመሃሩ ተዳልዮም ነበሩ። ቅድሚ ምጥፍኣ ብዛዕባ እቲ ትምስርቶ ሓድሽ ህይወት ኣዝያ ተመሲጣ ነበረት። ኣብ ደጋዊ መልክዓ ድማ ብዙሕ ግዜ ከተጥፍእ ጀመረት። ኣብ ዝቐጽል ክልተ ሰሙን ሰራሕ ከተቋርጽ መዲባ ነበረት። ንሳ ሓደ ኣብ ቶሌዶ - ኦሃዮ ዝርከብ ትካል ሕጊ ከም ጸሓፊት ኮይና እያ ትሰርሕ ነይራ።

ቅድሚ ምስዋራ 10 ወርሒ ኣቐዲሙ፥ ሓደ ሰብ ብመስኮት ናይ ቤት ጽሕፈታ ኣብ ዝርኣ ገረብ ብዓቢ ቃላት "ሲንዲ የፍቅረኪ እየ ካብ GW" ዝብል ተጻሒፉ ነበረ። እዚ ጽሑፍ ንሲንዲን መሳርሕታን ረቢሾም። እቲ መልእኽቲ ንሲንዲ ምኻኑ ርዱእ እዩ ምኽንያቱ ኣብ መንገዲ ናይ ቤት ጽሕፈታ ኮይና ክትርእዮ ኣብ ትኽእል ቦታ እዩ ተጻሒፉ። ብዓቢኡ ኸኣ ብሰማ እዩ ተጻሒፉ ዘሎ። ንሳ ብGW ዝጽዋዕ ሰብ ኣይትፈልጥን እያ። እቲ ጽሑፍ ን6 ወርሒ ካብቲ ገረብ ኣይለገሰን። ድሕሪ ቐሩብ ሰሙናት እቲ ጽሑፍ ምስ ሃሰሰ ግና፥ እቲ ጽሑፍ መሊሱ ተደጊሙ። እዚ ካልኣይ ጽሑፍ ካብቲ ቀዳማይ ጽሑፍ ዝዓበየን ብዝደመቐ ሕብሪ ዝተጻሕፈን ነበረ። ድሕሪ'ዚ ሓደ መንነቱ ዘይተፈልጠ ሰብ ቴሌፎን እናደወለ ከሸግራ ጀመረ፤ ሲንዲ ንድሕነታ ስለ ዝፈረሐት፥ መሳርሕታ ድማ ወላ ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ዝህልወሉ መዓልቲ ኩሉግዜ ቤት ጽሕፈታ ዕጽያ ክትሰርሕ ነገሩዋ። ቅድሚ ምጥፍኣ ኣብ ዝነበረ መዓልቲ፥ ንሓደ ዓግዲ እናሰምዐት ከሎ ቴሌፎን ናይ ቤት ጽሕፈታ ተደወለት እሞ፥ ቀልጢፋ ተቐቢላ ዓጸወታ። ኣብ ገጻ ድማ ፍርሒ ይንበብ ነበረ። ቴሌፎን ካልኣይ ግዜ ደገመት፥ ሕጂ'ውን ከምታ ቀዳመይቲ ግዜ ምስ ተቐበለታ እቲ ኣቐዲሙ ደዊሉ ዝበረ ሰብ ምኻኑ ምስ ኣረጋገጸት ዓጸወታ። ነቲ ኩነታት ዝርኢ ዝበረ ዓግል ግና፥ ኩነታት ሲንዲ ደስ ስለ ዘይብሎ ካብ ቤት ጽሕፈት ምስ ወጸ ናብ ፖሊስ ደወለ።

ኣብ 4 ነሓሰ 1981፥ ሲንዲ ከምቲ ልሙድ ሰዓት 8:30 ንግሆ ንስራሕ ወፊረት። ሓደ ካብ መሳኻክር ክሳብ 10 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ጽሕፈታ ከም ዝነበረት ይገልጽ። ሰዓት ምፍዳስ ምስ ኣኸለ፥ እቶም መሳርሕታ ናብ ቤት ጽሕፈታ ምስ ከዱ ግና፥ ሲንዲ ኣይጸንሐቶምን። ገለ ንብረታ፥ መጽሓፉ ካልእ ንኣሽቱ ነገራትን ኣብ ጣውላኣ ነበረ። መኪንኣ ኣብ ኣፍደገ ስርሓ ነበረት። መፍትሕ ናይ መኪንኣን ቦርሳኣን ግና ክርከብ ኣይተኻእለን።

ድሕሪ ምጥፋእ ሰንትያ ድሕሪ ቑሩብ ግዜ፥ ሓንቲ ሰበይቲ ናብ ፖሊስ ብምድዋል፥ ሓደ መንእሰይ ኣብ ሓደ ጻዕዳ ሕብሪ ዘለዎ ገዛ ንሰንትያ ከም ጀሆ ሒዚዋ ከም ዘሎ ነገረቶም። እንተኾነ ኣድራሻ ናይቲ ቦታ እናተሓተተት ከላ ፈሪሓ ብምንባራ ቴሌፎን ዓጸወታ። ፖሊስ ወላ'ኳ ኣድራሻ እቲ ገዛ ክረኽቡ ብዙሕ ጻዕርታት እንተ ገበሩ፥ ኣድራሻ ናይቲ ገዛ ይኹን ንሰንትያ ክረኽብዋ ኣይከኣሉን። ሎሚ ሰንትያ ካብ ትጠፍእ 40 ዓመታት ኣቝጺሩ ይርከብ፤ ድሃያ ግና ክሳብ ሕጂ ክርከብ ኣይተኻእለን። ስድራኣ ሃዲማ ክትከውን ከምትኽእል ዝኾነ ኣሰር ከም ዘየለ እዮም ዝገልጹ። ክሳብ ሎሚ ድማ ጓሎም ብህይወት ከም ዘላ ብምእማን ሓደ መዓልቲ ክትመጽኦም ደጸብዩ ኣለው።

## ንጹል ህይወት ካብ ዝመርሑ ቀቢላታት ዓለም

* **ቀቢላ ሰንቲንለ፦** እዞም ቀቢላ ሓደ ካብቶም ምስ ህዝቢ ዓለም ብዙሕ ርክብ ዘይብሎም ኣህዛብ እዮም። ናይ ብሕቲ ህይወት ይመርሑ። ኣብ ህንዲ ኣብ ሰንቲንል ዝተባህለት ደሴት ይነብሩ። ምስኦም ክቐርብ ንዝፈተነ ህዝቢ ድማ ኩናት ይኸፍቱ ነበሩ። መንግስቲ ህንዲ ነዞም ቀቢላ ልኣላውነት ከም ዘለዎም ወግዓዊ ኣፍልጦ ሂብዎም ኣሎ። ንዝኾነ ብዘይ ፍቓድ ናብ ቦታኦም ክኣቱ ዝተረኽበ ክቕትልዎ መሰል ሂብዎም።

* **ቀቢላ ያሊ፦** እዞም ቀቢላ ኣብ ኢንዶነዥያ ይነብሩ። ያሊ ማለት ህዝቢ ምብራቕ እዩ። እዞም ቀቢላ እውን ልክዕ ከም ቀቢላ ሰንቲለንስ ምስ ኣብ ዙርያኦም ዘለዉ ህዝቢ ብዙሕ ርክብ የብሎምን። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ዝቕመጥሉ ከባቢ ዝኾነ ሰብ ብቐሊሉ ክኣትዎ ብዘይክእል ተፈጥሮኣዊ ኸባታትን ኣኽራናትን ዝተኸበበ እዩ። እዘን ዓዲታት ማዕመር ጽርግያ ዘይብለንን ብእግርኻ ድማ ናይ ነዊሕ ሰዓታት ጉዕዞ ዝሓትታን እየን። ክሳብ 1960 ምስ ዝኾነ ህዝቢ ዓለም ርክብ ኣይነበሮምን። ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ቀቢላ ያሊ ዝሰምዖ ነገር እንተ ሃልዩ በላዕቲ ሰብ ምኻኖም እዩ። እዞም ቀቢላ ንጸላእቶም ከፍርሑ እዮም ከምኡ ዝገብሩ። ዝኾነ ጸላኢ ከጥቅዖም ምስ ዝፍትን እሞ ድማ ኣብ ኢደም ምስ ዝኣቱ ናብ ቤት ማእሰርቲ ብምድጋኑ ኣብ ግዜ ሃይማኖታዊ በዓላቶም ንኣምላኾም ንመስዋእቲ የቕርብዎ። ንሓሙኽሹቲ ናይቲ ሰብ ድማ ንኽልኦት ጸላእቶም ንምርዓድ ናብ ማያዊ ኣካሎም ይጉሕፍዎ። ቀቢላ ያሊ ኣሕምልቲ ምምጋብ እዮም ዘዘውትሩ። ኣብ ግዜ ጽምብላትን በዓላትን ድማ ስጋ ሓሰማ ይምገቡ።

**ቀቢላ ቹክቺ፦** ኣብ ሳይቤርያ ኣብ ትርከብ ሓውሲ ደሴት ቹክቺ ይነብሩ። እዞም ቀቢላ እውን ልክዕ ከምቶም ካልኦት ቀቢላ ኑቦም ንምክልኻል ዝተፈላለየ ሜላ ይጥቀሙ። ክሊማ ናይዚ ዝቕመጥሉ ቦታ ኣዝዩ ሕማቕ እዩ። ኣብ ግዜ ሓጋይ መጠነ ሙቐት እዚ ቦታ ኣሉታ 54 ዲግሪ ሰንቲግሬይድ ይበጽሕ፤ ኣብ ክረምቲ ድማ እወታ 10 ይበጽሕ።

ቀቢላ ያኦ፦ መበቆል እዞም ቀቢላ ኣብ ከባቢ ቀላይ ማላዊ እዩ። እዞም ክልተ ሚልዮን ብዝሒ ዘለዎም ያኦ ቀጺሎም ናብ ክልተ ሃገራት ማለት ሞዛምቢክን ታንዛንያን ፋሕ በሉ። ያኦ ማለት ናይ ኣኽራናት ሰባት ማለት እዩ። እዚ ቀቢላ ብኣደናት ዝምራሕ ሕብረተሰብ እዩ። እዞም ቀቢላ ነቲ ብኣደ ሰብ እተሰርሐ መድሃኒት ኣይኣምንሉን እዮም። ኣይጥቀምሉን እውን። ካብ ዝተፈላለዩ ኣቝጽልትን ቀመማትን ባዕሎም መድሃኒት የዳልዉ። ነዚ ዝተፈላለዩ ንመድሃኒት ዝኾናም ኣቝጽልቲ ክረኽቡ ድማ ኣዝዩ ነዊሕ ጉዕዞ ይገዓዙ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቴክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:20 | ፊልም ቻይና |
| 15:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:35 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:35 | ድራማ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማዕመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ጸባቑ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- ማስተንክር |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኣል

ራብዓይ ክፋል

# ቀመር ህይወት

***“ምሕራቕ ማለት ንጌጋታት ካልኦት ሰባት፡ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእስና ሕነ ምፍዳይ እዩ።” - ኣሌክሳንደር ፖፕ***

***“ቂምታ ልክዕ ከም መሸሮ እዩ፡ ኑቲ ዝሓዞ እዩ ዝበልዕ። ሕርቃን ግዳ ልክዕ ከም እሳት እዩ፡ ንኹሉ እዩ ዘጽሪ።” - ማያ ኣንጀሉ***

መብዛሕትና ሕርቃን ዓንቃጺ ምዃኑ ንርዳእ ኢና። ንስምዒታትና ክንቆጻጸር ሓይሊ ኣሎና። እቲ ከኻታት ሽሕ ግዜ ዓቕልኻ ዘጽንቕቕ ዋላ ይኹን፡ ንሕርቃንና ተቖጻጺርና ብስልጡን ኣገባብ ግብረ መልሲ ክንህብ ንኽእል ኢና።

ሓራቕ ሰብ ልክዕ ከም ኣራዊት እንስሳ እዩ ግብረ መልሲ ዝህብ፡ ንዘረባ ብዓቕሊ ናይ ምስጋር ብቕዓቱ ምሕር ውሑድ እዩ። ኣብ ሓደ ግዘ ዘሕርቕ ጉዳይ እንተ ኣጋጢምካ፡ ኑቲ ማዕጾ ብሓይሊ ገዞ ኣብልዮ ክወጽእ ይኽእል እዩ። ዓጸሚ ብዘሰብር ጸርፊ እውን ክጽዕሎ ይኽእል። ሳዕቤን ናይ እቲ ዝሀቦ ግብረ መልሲ ከቶ ኣየርድኦን እዩ።

እቲ ቐዳማይ ስጉምቲ ኣብ ምቁጽጻር ሕርቃን፡ ክሳብ ክንደይ ዓንቃጺ ምዃኑ ምልላዩ እዩ። ሕርቃንካ ኣብ ጥርዙ ምስ በጽሐ፡ ብውሽጥኻ ሓደ ደምጺ፡ “እዚ ዘሕርቐካ ዘሎ ሰብ ሳንቲም ዕውርቲ ከም ዘየወጽእ ገይርካ ክተዋርዶ ኣለካ!” ክብለካ ይኽእል እዩ።

ንሸኻ ግዱ “ከምኡ ብምግባረይ እንታይ ረብሓ እሞ ክረኽቡ እየ? በቲ ዝሀቦ ሕማቕ ግብረ መልሲ ተመለሰ ኣነ ከም ዝሓንኽ እንታይ መረጋገጺ ኣሎ?” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ተመሊስካ ሕተታ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ሓድሽ ክእለት ንክትመሃር ኢልካ ኣብ ክንደይ ቦታታት ተመዝጊብካ ኣለኻ? እየም ክትማሃሮም ዝደለኻ ክእለታት፡ ከም ትምህርቲ ናይ ወጻኢ ቋንቋታት፡ መሳርሒታት መዚቃ፡ ... ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካብ ከምዚኦም ዓይነታት ትምህርቲ ክንደይ ግዜ ጀሚርካ ኣቋሪጽካ ኣለኻ?

‘ምቁራጽ’ ካልእ ናብ ምንጽርጻር ወይ ምብስጫው ዘእቱ ኣገባብ እዩ። እዚ እንኩብረላ ዘለና ዓለም ጸገምቲ ምዃና ከይድንቕ ኣሎና። ምእንቲ እዚ፡ ዓወት ከመዝገብ እንተ ደኣ ኼንና፡ ዘይንሕለል ክንከውን ይግባእ። ካብ ማእከል ውሑጅ ከየሰገርና ንድሕሪት እንምለስ ዓይነት ሰባት ክንከውን የብልናን። ክሳብ መጠረሽታ፡ ኑቲ ዝጀመርና ብደሃ ክንስዕር ይግባእ።

ክንደይ ፕሮጀክትታት ጀሚርካ ከም ዘቋረጽካ እስከ ክትዝክር ፈትን። ጠንቂ ምቁራጽካ፡ ብሰሪ ምንጽርጻርን ትዕግስቲ ምስኣንካን ክኸውን ከም ዝኽእል ኣቕሊብካሉ ትፈልጥዶ?

ከበድቲ ኩይኖም ስለ ዝተሰምዑኻ ጥራይ፡ ጀሚርካ ናይ ዘቋረጽካዮም ዝርዝራት ኣብ ወረቐት ኣስፍሮም። ሕጂ ኸኣ፡ ኑቲ ምንጽርጻርካ ብዘየምቁጽጻርካ፡ ንዘይዓብዩ ሕርቃንካ ጣዕሳን ክትቅምሮ ፈትን።

እዚ ጌጋ ብኸመይ ኢና እንጽግኖ? ንዝርዝር ናይ እቶም ጀሚርካ ዘቋረጽካዮም ብዕቱብ ኣንብቦ። ንሓንቲ ካብ እተን ኣቓዲምካ ዘቋረጽካየን መደባትካ ብኸመይ ኣብ መዓልቦኣ ከም እትበጽሓ ከተሰላስል ጀምር። ሓንሳእ ንዝጀመርካዮ ዘይምቁራጽ እንተ ደኣ ተተሓሒዝካዮ፡ እቲ ልምዲ ክሳብ መጠረሽታ ዕምርኻ ምሳኻ ክቕጽል ይኽእል እዩ። (ንኹሉ ዝጀመርካዮ ግድን ኣይኮነን ክትዛዝሞ ዘለካ፡ ኣብ መንጎ ኑቲ ስራሕ ምዝዛምካ ዝበኣሰ ክሳራ ከም ዘስዕበልካ ብውድዓዊ መንገዲ እንተ ገምጊምካዮ፡ ከተቋርጾ ንጉኻ ተመሪጺ እዩ።)

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓታት ክትድቅስ እንከለኻ፡ ንገዛእ ርእስኻ ገምግም፡ “ኣበየናይ መዓይ ከሰብ? ኣበየናይ መዓይከ ከሰረ?” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ምሕታት ጸቡቕ እዩ።

ንዝጀመርካዮ ትምህርቲ ወይ ስራሕ ምቁራጽ እንተ ደኣ ተሰቢሉካ፡ ብእኡ ኣብልካ ኢኻ ርእስ ተኣማንነት እተጥፍእ። ሓንሳእ ምቁራጽ እንተ ደኣ ጀሚርካ፡ ኣብ ዝቐጽል ግዜ ካልእ ፕሮጀክት ናብ ምውጣን ትኣቱ። የግዳስ ኑቲ ዝጀመርካዮ ሓድሽ ፕሮጀክት ኣብ መዓልቦኡ ከም እተብጽሖ፡ ምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ኣይህልወካን እዩ።

እዚ ልምዲ ክሳብ ክንደይ ኣዕናዊ ምዃኑ ክትፈልጥ እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ብዙሓት ኣብ ኣእምሮኻ ዝሓዝዮም የግዳስ ፈጺምካ ዘይጀመርካዮም ፕሮጀክትታት ዝርዝር ኣውጽእ። ኑቶም ፕሮጀክትታት ዘይጀመርካዮም ምኽንያት፡ ኣብ መዛዘሚ ከም እተብጽሖም ዓቕሚ ከም ዘይብልካ ኣቐዲምካ ስለ ዝደምደምካ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ንገዛእ ርእስኻ ክሳብ ክንደይ ከም ዘይትኣምና እዩ ዘርኢ። ብድሕሪ ሓደት ፍሽለታት፡ ኣብ ቀጻሊ እውን ካልኦት ፍሽለታት እናሰዓቡኻ ከም ዝመጽኡ ባዕልኻ ንገዛእ ርእስኻ ተእምን ኣለኻ ማለት እዩ።

ሓደ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ምእማን እንተ ደኣ ኣቋሪጹ፡ ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ሓደጋ እዩ ዘተኽሎ። ተራ ሰብ ምዃን ጸቡቕ ምዃኑ እናተፈላለጠ ንገዛእ ርእሱ ከተዓሽሽ እውን ይኽእል እዩ። እዚ ኣመለኻኽታ ርእሱ ዕንወት እዩ።

ዝ ርድኢት ሕጂ-ሕጂ ቀይሮ። ሓደ ፕሮጀክት ክትሓስብ እንከለኻ፡ ኣብ መዝገብካ ተረጋጊጽካ ኮፍ በል። እቲ ፕሮጀክት ንኽዛዘም ክንደይ ግዜ ጻዕትን ጻዕርን ክወስደልካ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ኣእትዎ። ብድሕሪ እዚ፡ ክንድኡ ዝኣክል ግዜኻን ጻዕርኻን ኣፍሲስካሉ ክትዛዝሞ ዘዋጽኣካን ዘየዋጽኣካን ምዃኑ ወስን። ዘዋጽኣካ ምዃኑ እንተ ደኣ ወሲኻ፡ ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ጀምሮ። ክሳብ ካብ ቀጽጽርካ ወጻኢ ዝኾኑ ገለ ጸገም ዘጋጥመካ፡ ኑቲ ዝጀመርካዮ ፕሮጀክት ከቶ ከተቋርጾ የብልካን።

ስራሕካ ጽፁቕ ክኸውን እንከሎ፡ ብውሽጥኻ ሓደ ጽምጺ፡ “እዚ እትሰርሖ ዘለኻ ብላሽ እዩ።” ኢሉ ሕሹኽ ክብለካ ይኽእል እዩ።

ንሸኻ ግዱ “እዚ ስራሕ ንዓይ ምሉእ ብምሉእ እዩ ዘዋጽኣኒ።” ዝብል ግብረ መልሲ ክትህቦ ኣለካ።

ኑቲ ዝጀመርካዮ ስራሕ ብጽንዓት ምስ እትቕጽሎ፡ ኑቲ ስራሕ ትዛዘሞ ጥራይ ዘይኮነ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ እውን ማለሱ እዩ ዝዓቢ። ብእኡ ኣብልካ ኸኣ ኑቲ ዝቕጽል ዕዮኻ ብርእሰ ተኣማንነት ከም እትዛዝሞ ልዑል ተስፋ ተሕድር።

ምንጽርጻር ወይ ምብስጫው፡ ስራሕካ በቲ ንሸኻ ዝተሰምዓካ ብቐልጡፍ ብዘይምስጓም ክስዕብ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ዓወትካ ዋላ ብንእሽቶ ነጥቢ ይዓቢ እንተ ደኣ ሃልዩ ኣስተብሂሉ ኢኻ። እቲ ምንታይሲ፡ ዋላ ንእሽቶ ዓወት ገዛእ ርእስኻ ጸቡቕ ንኽስምዓካ ሓጋዚ እዩ።

ንሕማም ‘ምቁራጽ’ ከተወግዶ እንተ ደሊኻ፡ ንገዛእ ርእስኻ ኣሸክዕያ። ንርሕቀት ማራቶን ኣብ ሰለስተ ሰዓት ክትዛዝሞ ምናልባት ይኸብደካ ይኸውን እዩ። የግዳስ ኑቲ ርሕቀት ኣብ ዓሰርተ ጉያታት መቓቒልካ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ እቲ ጉያ ን18 ደቓይቕ ክትገዩ ዘጸግመካ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንዘረባ ናብ ንኣሽቱ ክትጭብጦም እትኽእል ሸቶታት ኣናቕቆም። ንሓደ ፈለጥና፡ ናብ ምንጽርጻር ኢና እንምለሱ።

‘ምቁራጽ’ እውን ቀንዲ ጠንቂ ምብፃኝን ግዜ እዩ። ኣብ ሓደ ፕሮጀክት ወፍሪ እንተ ኣካይድና፡ እሞ ኣብ መዛዘሚኡ እንተ ደኣ ዘቋሪጽናዮ፡ ማእለያ ዘይብሉ ግዜ ኢና እነባኽኖ።

ህይወት ብደሃ እያ። ህይወትካ ኩሉ ሻብ ካብ ምንጽርጻር ወይ ምብስጫው ሓራ ክትከውነልካ ምጽባይ ርትዓዊ ድዩ? ኣይኮነን!

እቲ ሓያል ወይ ለባም ዝበሃል ሰብ፡ እቲ ከይወድቐ ዝፈርሕ ዘይኮነ፡ እቲ ዋላ እንተ ወደቐ ተንሲኡ ኣብ መንገዲ ዓወት ዝምርሽ እዩ። ምስ ፈሸልካ ንምዝኡ እንተ ኣንጸርጺርካ ኣየኽፍኣልካን እዩ። ብእኡ ገይርካ ኑቲ ስራሕ ምስ እተቋርጽ ጥራይ እዩ ዘኽፍኣልካ። ንኣንጸርጻርትካ ምሳኻ ከተሕድሮ የብልካን። ቀልጢፍካ ኣፋንዎ እሞ፡ ብሕጉስ መንፈስን ብትብዓትን እጅግኻ ሰብሲብካ ንሓድሽ ብደሃ ተላዓል።



ዝጀመርካዮ ፕሮጀክት ምግዛሙ ምስ ዘጸገመካ፡ “ኣብ እዚ ፕሮጀክት ተወሰኽቲ 5 ደቓይቕ ከሕልፍ እኽእልዶ?” ኢልካ ምስ ገዛእ ርእስኻ ተዋገ። ኑተን ደቓይቕ ምስ ዛዘምካየን ከኣ ንኻልኦት 5 ደቓይቕ ክትዋገ ኣይትጽገምን ኢኻ። ከምኡ እናበልካ፡ በብቑሩብ ኑታ ዝጀመርካያ ፕሮጀክት ኣብ መዓልቦኣ ከተብጽሓ ትኽእል ኢኻ።

ንምንጽርጻር ኣብ ሓደት ዓቕን ክትጸወሮ ኣይእግመካን እዩ። ንኣብነት፡ ክብደት ሰብነትካ ከተጉድል ወጢንካ እንተ’ልዩኻ፡ ካብ ፈለማ ኣትሒዝካ ምሉእ መዓልቲ ጾምካ ምውዓል ኣየዋጽኣካን እዩ። ኣብ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲ፡ ጠዓሞት ምብላዕ ብምቁራጽ ኢኻ ክትጀምር ዘለካ። ቀስ እናበልካ ድራርካ ብምንካይ ትቕጽሎ። ንኣካላትካ ቀስ ገይርካ ምስ ጥምየት እንተ ዘላሊኻዮ፡ ሳዕቤኑ ዝበኣሰ ከም ዝኸውን ክትዘንግዖ የብልካን።

እቲ ወጻኢት ብዘገድስ፡ ነፍሲ ወከፍ ዕወት ስጉምቲ ንርእሰ ተኣማንነትካ ክብ ኣብ ምባል ልዑል እጃም ኣለዎ። ናብ እቲ ናይ ብሩኽ መንገዲ ዓወት ከኣ ይወስደካ።

ግዜኻ ምብፃኝን ቀንዲ ጠንቂ ምንጽርጻር ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ከእትዎ ኸኣ ጸቡቕ እዩ። እናሓንሳእ ኑቲ ክቡር ግዜና ኣብ ጠገለ ዘይብሉ ዙረት ነጥፍኖ ኢና። ልዕሊ ዓቕን ዕላል ስለ እንፈቱ፡ ንግዜና ኣብ ዘይጠቅም ዕላል እነጥፍኦን ሰባት ውሑዳት ኣይኮንናን። ክንዘውር እንኽእልና ክንዕልል እንኽእልና እኮ ሕጉሳት ንኸውን ኢና። ጸገሕና ግዱ ብሰሪ ዙረትን ዕላልን ስራሕና ከም ዘወንዘፍና ምስ

ኣብ መንጎ ንሸኻ ‘ክኸውን ተሰፋ እትገብረሉ’ ከምኡ እውን ‘ምናልባት ክኸውን ዝኽእል’፡ ፍልልይ ከም ዘለዎ ከተስተውዕሎ ኣሎካ። ኣብ ህይወት ሓዕልን ታሕትን ምባል ከቶ ዘይተርፍ እዩ። እትዛረሉ ግዜ ኣሎ – ኣብ ወጥሪ እትሽመመሉ ግዜ ኣሎ። ዝ ክውንነት ምቕባል እንተ ደኣ ፈሊጥካ፡ ንምንጽርጻር ብጥዑና ዘለዎ መንገዲ ንኽትገጥሞ ሓደ ስጉሚ ቀሪብካ ኣለኻ። ኣብ ዝቕጽል ግዜ ብሕርቃን ቶግ ክትብል እንከለኻ፡ “እዚ ህይወት እዩ!” ብምባል ንገዛእ ርእስኻ ኣረጋግኣያ።

ኣብ ምንላይ ሕርቃንን ምንጽርጻርን ባህታ ሓደ ካብ እቶም ዝዋሰኡ መሳርሒታት እዩ። ከንጉዚ እንከለና፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገርን ነፍሲ ወከፍ ሰብን ትሑት ትዕግስትን ምጽዋርን እዩ ዝህልወና።

ትማሊ ሓደ ሰብ እግርኻ ስለ ዝረገጸካ፡ “ኣታ ደርጋፍ ዓይንኻ ዘይትርኢ!” ኢልካ ተሞጊትካዮ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ሎሚ ግዳ ሎተሪ ተዓዊትካ እሞ ንበል፡ ሓደ ሰብ እግርኻ እንተ ረገጸካ፡ “ጸገም የለን እዚ ዓርከይ።” ምሉእ ፍሽኽታ ኣሲኻ ይቕሬታ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ። “ብሩኽ መዓልቲ ይግበረልና!”

ስለምንታይ እዚ ፍልልይ ተኸሲቱ? ስምዒት ምዝናይ፡ ርእሰ ተኣማንነት፡ ሓጎስ ...፡ ንሕርቃንን ምንጽርጻርን ኣብ ምዝሑሓል ልዑል እጃም እዩ ዘለዎም። ኣብ ኣካላዊ ጥዕናኻ እውን ዓቢ ረብሓ ኣለዎም። እወ ብሕማም ኣልሰር፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ... ናይ ምጥቃዕ ዕድልካ ዝተሓተ እዩ ዝኸውን።

የግዳስ ከምዚ ንኽትጎብር ሎተሪ ክሳብ እትዕወት ክትጸበ ኣይግባእን!

ኣብ ዕለታዊ ህይወትና፡ ኑቲ ዘሕርቐና ጉዳይ ብዓወት ክንሰግሮ እንኽለና፡ ልዑል ባህታ እዩ ዝሰርጸና። ገለ ዕዮታት ብልዑል ቃልሲ ጥራይ እየም ዝዕመሙ። ኣብ እዋን ሕርሲ ይኹን ኣብ ሞያና ምዕባይ፡ ንገለ ቃንዛታት ብጺጋ ኢና እንቕበሎም። እቲ ምንታይሲ፡ ድሕሪ እቲ ቓንዛ፡ ሓጎስ ከም ዘሎ ስለ ዝረኣናዮ።

ግደ ሓቂ፡ እቲ ብደሃ ምሕር ክሕይል እንከሎ፡ ኑቲ ብደሃ ንኸሕርኮብ ዝያዳ ኢና እንምጠጦ። ከበድ ሕዱር ሕማም ዝጋጠሞም ሰባት፡ እቲ ሕማም ከየንበርክኾም፡ ብዙሕ እዮም ዝጽዕሩ። ኑቲ ሕማሞም ተጸሚሞም ኩሉ ንቡር ዕዮኦም ከሰላስሉ ይረኣዩ። ከምዚ ዓይነት ወሳኒ ብምውሳዶም፡ ኑቲ ስቕያቶም ዋላ ብኣካላዊ መዳይ እንተ ዘይሐይዎም፡ ብስምዒታዊ መዳይ ግዳ ይዕወቱሉ እዮም።

ክልተ ዓይነት ጸገማት እዮም ዘለዉ። እቶም ቀዳሞት ዓይነት ጸገም፡ እቶም ንሸኻ ክፍትሖ ከም ዝኽእሉ እትፈልጦም እዮም። እቶም ካልኣይ ዓይነት ጸገም፡ እቶም ንሸኻ ክፍትሖ ከም ዘኽእሉን ዘይክእሉን ርግጸኛ ኳንካ ክትገልጾም ዘይትኽእል እዮም።

እቲ ቐዳማይ ዓይነት ጸገም፡ ንኽትኣልዮ እቲ ዝቐለለ እዩ። ክሰርሕ ከም ዝኽእል እንተ ደኣ ፈሊጥካዮ፡ ኑቲ ምንጽርጻር ክትገጥሞ ፍቓደኛ ኢኻ እትኸውን።

ኩሉ ሻብ ንጸገማትካ ናብቲ ‘ፍሉጥ’ ምድብ ምንጽርጻር ክትደፍኦ ፈትን። ንፈለማ ግዜ ብሽክለታ ምዝዋር ክትማሃር እንከለኻ፡ ካብታ ብሽክለታ ወዲቕካ ርእስኻ ከይትፍጽፈጽ ፈሪሕካ ነይርካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። የግዳስ፡ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ቈልዑ ሚዛኖም ሓልዮም እናተዓጻጸፉ ክሕንበቡ ትርእዮም። ካልኦት ሰባት ክዕወቱ እንከለዉ ምርኣይ፡ ንሸኻ እውን ክትዕወት ከም እትኽእል ልዑል ርእሰ ተኣማንነት እዩ ዝፈጥረልካ። (ሓደ ሰብ ንሓንቲ ዝእግሩ (unicycle) ብሽክለታ ክዘውራ እንተ ደኣ ዘይርኢኻ፡ ምሉእ ብምሉእ ዘይክኣል ኩይኑ ክስመዓካ ይኽእል እዩ።)

ካብ እቲ “እዚ ከቶ ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ።” ዝብል ኣመለኻኽታ ክትርሕሕ ኣለካ። እዚ ናይ ስዑራት ኣመለኻኽታ እዩ። ንኸይትፍትን ግናይ መመኽነይታ ደጋ እዩ።

ልቦና እቲ ንኽትመልኮ ዝኸበደ ጥበብ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ልቦና ንኽትመልኽ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ቀልጢፍካ እንተ ዘይተዓዊትካ፡ ናብ ምንጽርጻር ገጽካ ክትሽመም ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ተንጸርጸር ግዱ ኑየም ኣብ መዳይ ልቦና ዝተዓወቱ ሰባት ኣብ ግምት እናእተኻ፡ ጻዕርኻ ምቕጻል እዩ ዘዋጽኣካ። ንስኻ’ዶም እንተ ተዓዊቶም ንሸኻ ዘይትዕወተሉ ምኽንያት የለን። ዝ እምነቶ ምሕዋር ንባዕሉ፡ ንፍርቂ እቲ ቓልሲ ከም ዝተዓወትካሉ እዩ ዘቐጽር።

***“ሓራቕ ምዃን ማለት፡ ልክዕ ከም ጓዝ ኣልዒልካ ናብ ካልእ ሰብ ምውርዋር እዩ። ንባዕልኻ ኢኻ እትቃጸል።” - ቡድሃ***

***“ሕርቃን ንቐንዴል ኣእምሮ ዘጥፍእ ንፋስ እዩ።” - ሮበርት ግሪን ኢንገርሶል***

***ይቕጽል***

# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ቦታ ድሕነትን ጥዕናን ምውሓስ ሓላፍነት ኩሉ እዩ!

ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየን ዝበለጸን ጸጋ ወይ ሃብቲ፡ ሰብ'ዩ። ዋላ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዓለም ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ብዘይመጠን ተራቒቓ ኣብ ዘላትሉ ግዜያት፡ ብዘይ ሰብ ክዕመም ዝኽእል ስራሕ፡ ክበጽሕ ዝኽእል ዓወት፡ ከምኡ'ውን ክውቃዕ ዝኽእል ሸቶን ካልእን የለን። ከንዲ ዝኾነ፡ ሰብኣዊ ክብረት፡ ናጽነት፡ ማዕርነትን ውሕስነትን ደቂሰብ ምርግጋጽ፡ ይጸንሓሊ ዘይብሉ ኣገዳሲ ዕማም ምኻኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ማሕበራቁጠባዊ መዳያት ህይወት። ትካላት ድማ ብመንጽር'ዚ፡ ዘየዳ ካልኣት ዝምልከቶም ወገናትን ኣካላትን ኣብ'ዚ ዕማም'ዚ ንምዕዋት፡ ዝለዓለ እጃም ወይ ብጽሒት ይሕዙ። ምኽንያቱ ስራሕ ከም ኣምር፡ ኣብ ምሕላው ጥዕና፡ ምቹእነት ናብራ ከምኡ'ውን ዘላቒን ውሑስን ደረጃ መነባብሮ ንክህልው ዘለወን ተራን ኣበርክቶን ኣዝዩ ዕዙዝ ብምዃኑ።


ዕውታት ትካላት፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ዘተግብርኦ መደባት ስራሕ፡ እወታውን ብሉጽን ኣተሓሕዛ ዓቕሚ ሰብ ንክኸተሉ፡ ዝተፈላለየ ሜላታትን ኣገባባትን ይጥቀሙ። ከም ውጽኢቱ ኣብ ትሕቲ'ዘን ትካላት ተመዲቦም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ሞራሎምን ኣፍራይነቶምን ክበርኽ፡ ፍርያምነት ወይ እቶት ትካል ክዓቢ፡ ከምኡ'ውን ብኹራት ኣብ ስራሕ ክጎድል ናይ ግድን ይኸውን። ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን ግን፡ ዝተፈላለየ ጠንቅታት ዝመባበስኦም ሞያዊ ሓደጋታትን ካብ ስራሕ ዝበጽሑ ሕሞማትን ክውሰኽ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ሰብ ምሉእ ዓቕሙን ብቕዓቱን ከወፊ መታን ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክፍጠረሉ ኣለዎ። ምቹእነትን ውሕስነትን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ንክረጋገጽ ከኣ፡ ሳይንሳዊን ሞያዊን ብዝኾነ ኣገባብ መገዲን ተኸቲልካ፡ ልዑል ናይ መከላኸሊ ፕሮግራማት፡ ኣገባባትን መሳርሒታትን ካብ ምጥቃም ዝበልጽ ኣማራጺ ፍጹም የለን። ነዚ ንምትግባር ከኣ፡ መጀመርያን ቅድሚ ዝኣገረን ንቕሓትን ኣፍልጦን ኣሰራሕቲ፡ ሰራሕተኛታትን ተቖጻጸርቲ ኣካላት መንግስቲን ክዐቢ ኣለዎ።

መብዝሕትኦን ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ዝተኻየደለን ትካላት፡ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ዘጋጥመን ጸገማትን ዕንቅፋታትን፡ ኣብ ክንዲ ህድእ ኢልካ ምትዕርራይን ምምሕያሽን፡ ኣብ ነንሓድሕዶም ኣብ ምውንጃልን ኢዶም ኣብ ምውጥዋጥን የሕልፍዎ። እዚ ከኣ ከምቲ ብተደጋጋሚ ግዜ ዝግለጽ፡ ፍጹም ኣድማዕነትን ውጽኢትን ዘየምጽእ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ከም ተርእዮ ኣዝዩ ኣሉታዊ ተግባር ኮይኑ ደርኪቡ፡ ከም ዝፍለጥ ድሕነት ኣድማዕዊ ባህርይ ሃልዩዎ፡ ንክውሓስን ክሕለውን ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ናይ ግድን ሓላፍነቱን ግዴታኡን ክልዕል ክኽእል ኣለዎ። ኮይኑ ግን፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብዛዕባ ድሕነትን ጥዕናን ዘለዎም ንቕሓትን ኣፍልጦን ትሑት ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡ ቀንዲ ጠንቂ ትግባረ ዘይውሑስ ተግባራት (unsafe actions)ን ተርእዮ ዘይውሑስ ኩነታትን ምዃኑም እዋናዊ ጸብጻባት ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ይሕብሩ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ ዋላ'ኳ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ነዚ ንቕሓትን ኣፍልጦን ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ኣዕቢዩ ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣካባቢ ንክፍጠር ቀጻሊ ኈስጓሳት፡ ኣድላዪ ትምህርቲታትን ስልጠናታትን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ብመንጽር ትሕዝቶን መንፈስን ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቁጽሪ 118/2001 ዝጠልቦ ሕጋዊ ስጉምቲታት ክወስድ እንተኸኣለ፡ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብዛዕባ ድሕነትን ጥዕናን ግን ጌና እቲ ዝድለ መሰረታዊ ወጽኢትን ለውጢን ከምጽእ ኣይከኣለን። ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብመንጽር ግብራውነትን ተግባራውነትን ኣምራት ወይ መምርሒታት ድሕነትን ጥዕናን ክቕየር እንተዘይክኢሉ ድማ፡ ናይ ብሓቂ እቲ ዝድለ ባህርያዊ ለውጢ ኣሰራጽሳ ጽንዕን ተረርን ናይ ድሕነት ባህሊ ምህናጽ ኣጸጋሚ ክኸውን እዩ።

ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብ'ቲ ተመዲቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብን ቦታ ስራሕን፡ ድሑንን ውሑሱን ብዝኾነ ኣገባብ ንጥፈታቱ ንኸካይድ ብቑዕን እኹልን ኣፍልጦ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ። ብቑዕን እኹልን ኣፍልጦ ምህላው፡ ንሰራሕተኛ መሰሉ ንኣሰራሒ (ትካል) ድማ ግዴታኡ እዩ። ሰራሕተኛታት ብመጀመርያ ኣብ ዝተመደቡሉ ቦታ-ስራሕ፡ ዝጥቀምሉ መሳርሒታትን ማሽናትን ዝግልገሉ ንጥረ-ነገራትን ኬሚካላትን ከምኡ'ውን ዝኽተልዎ ኣገባብ ኣሰራርሓ ምርኩስ ብምግባር፡ ሓደጋ ንኸየጋጥሞም ወይ ሕማም ንኸይክስቶም እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም፡ ቅድሚ ነፍሲ-ወከፍ ስራሕ ምጅማሮም፡ ብጽሞና ክሓስቡን ኑቦም ክፍትሹን ኣለዎም። ትካል ወይ ኣሰራሒ ድማ ብግደኡ ኣብ ትሕቲኡ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተመደብሉ ቦታ ስራሕን ምስኡ ዝተኣሳሰር ነገራትን፡ ድሕነቶምን ጥዕናኦምን ንምውሓስ እንታይ ዓይነት ስጉምቲታት ክወስዱ ከምዘለዎም ክሕብሮምን ክፍልጦምን ክኽእል ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት መሰረታውን ቀንዲን ተግባር ምፍጻም ድማ፡ ናብ'ቲ ንጹርን ዘየማትእን ተራን ሓላፍነትን ነፍሲ-ወከፍ ወገን ንኽየለጽ ወይ ንኽበርህ ኣብ ርእሲ ምሕጋዙ፡ ጽኑዕ ናይ ድሕነት ባህሊ ንክህነጽ መሰረት የንጽፍ።


ተራን ሓላፍነትን ኣሰራሒ (ትካል)፡ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ብመጀመርያ ሰራሕተኛ ምስ'ቲ ተመዲቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ



መደብ ስራሕ ዝተኣሳሰር ብቑዕን እኹልን ኣፍልጦ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ከንዲ ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣፍልጦ ንክህልዎ፡ ትካል ከከም ኩነታቱ ቀጻሊን ስሩዕን ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ክቐርብ ግድንታዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ዓይነትን ንውሓትን ዝወሃብ ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ካብ ትካል ናብ ትካል ይፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ትካል ግን ሓድሽ ሰራሕተኛ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሩ፡ ሰራሕተኛ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ናብ ካልእ መደብን ቦታ ስራሕን ምቕያሩ፡ ሓድሽ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣብ ዝኣትወሉ ከምኡ'ውን ዝተፈልየ ንጥረ-ነገራትን ኬሚካላትን ክጥቀም ኣብ ዝሕተተሉ ግዜን እዋንን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነትን ምኽንያታትን ስሩዕ ስልጠናን ትምህርትን ክቐርብን ክህብን ናይ ግድን ይኸውን። ተመኪሮ ትካላትና ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘለወን ኣተሓሕዛ ዳርጋ ብኣንጻሩ'ዩ ዘሎ እንተተባህለ ኣይተጋነነ። ሰራሕተኛ ድማ እቲ ዝተዋህቦ ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ብጥንቃቐ ክጥቀመሉን ክሰርሓሉን ተራን ሓላፍነትን ከምዘለዎ ክግንዘብ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ ጽሑፍ ደሰሪር ወይ ኣይደሰሪር፡ ኣካል ውዕል ስራሕ ምዃኑ ዘይተርፎ እዩ። ትካል፡ እቲ በብእዋኑ ንሰራሕተኛታት ዝተዋህበ ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ብጥንቃቐ ክሰንዶን ክዕቅቦን ኣለዎ።

ብተወሳኺ፡ ትካል ብመንጽር ዘተግብሮም መደባት ስራሕ፡ ዘውንኖም ቦታታት ስራሕ፡ ዘካይዶም ንጥፈታትን ዕማማትን ከምኡ'ውን ዝግልገለሎም መሳርሒታትን ኣቕሑትን ምርኩስ ብምግባር፡ ኣጋጣሚኦም ክስዕቡ ዝኽእሉ ተኽእሎ ሓደጋታት (risks) ካብ ዓይነቶምን ባህርኦምን ጀሚርካ ክሳብ ንምክልኻሎም ዝውሰዱ ስጉምቲታት ብዝርዝርን ንጹርን ኣገባብ ንሰራሕተኛታቱ ክሕብር ሓላፍነት ኣለዎ። እቶም ተኽእሎ ሓደጋታት ፊዚካዊ፡ ኬሚካዊ (ቀመማዊ)፡ ስነ-ህይወታዊ (ባዮሎጂያዊ)፡ ስነ-ማሕበራውን ኣእምሮኣውን (ሳይኮ-ሶሾሎጂያዊ) ከምኡ'ውን መካኒካዊ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ግን እዞም ዓይነታት ተኽእሎ ሓደጋታት መዓስን ብኸመይን ከጋጥሙ ይኽእሉ? ኖኖት ጉጅለ ሰራሕተኛታት ብዝያዳ ግዳያት ይኾኑ? እቶም ሰራሕተኛታት ድማ ብግደኦም እንታይ ዓይነት ስጉምቲታት ወሲዶም ክመግድዎ ወይ ክጉድልዎ ይኽእሉ? ዝበሉን ካልእን ሓበሬታታት ዳህሳሳዊ ምርመራ ምክልኻል ሓደጋ ክካየዱ ይግባእ። ከምኡ'ውን ንዝምልከቶም ኣካላት ብስሩዕ መተሓላለፊ ኣገባባት ክሕበሩን፡ ጥንቃቐን ግዝያዊ ዝኽእሉ ሓደጋታትን ምክልኻሉን ከማዕበሉ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ድሕነትን ጥዕናን ኑቦም፡ መሳርሒቶምን ዝሰርሑሉ ትካልን ኣብ ምውሓስ ተዋሳኢ ክኾኑ ይሕግዞም። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝገን ካልእን ዝርዝራትን ትሕዝቶታትን ዘኸተተ፡ ትካላት ፖሊሲን መምርሒን ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኑዳፈን ክወጽኣ ኣድላዪ ዘበለ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ይገብር እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ብዙሕ ዝተርፍዎ ነገራት ከምዘለዎ ክርዳእ ክኢሉ ስለዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ኩሉ ዓይነት ምትዕርራያትን ምምሕያሻትን ገይሩ ብሰፊሑ ክሰርሓሉ መደብ ሐዙ ኣሎ።

ፖሊሲን መምርሒን ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ብደረጃ ትካል ተዳልዩ ክቐርብ ክለ፡



ትካል ካብ ስራሕ ንዝበጽሑ ሓደጋታትን ሕሞማትን ንኽኽሕ፡ ሞራልን ኣፍራይነትን ሰራሕተኛታት ንክበርኽ፡ ከምኡ'ውን ንሰራሕተኛታት ዝኸፈል ካሕሳ ክጎድል፡ ኣዝዩ ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ። ስለዚ ህላወ ናይ'ዚ ሰነድ'ዚ ኣብ ትካላት ተዳልዩ ክቐርብን ክሰርሓሉን ሓያል ደፍኢትን ምብጋግስን ክገበረሉ ኣለዎ።

ተራን ሓላፍነትን ትካል ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን፡ ኣብ ቀረብ ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ከምኡ'ውን ምድላው ፖሊሲን መምርሒን ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ጥራይ ክይተሓጽረ፡ ብተወሳኺ፡ መማስ ኩነታቱን ክውንነትን ዝኸይድ፡ ምዕቡልን ውሑስን ኣገባብ ኣሰራርሓ ከተኣታትው ክኽእል ኣለዎ። ድሕነትን ጥዕናን ብመሰረቱ ኣዝዩ ተዓጻጻፊ ባህርይ ዘለዎ ዛዕባ ዕዮ እዩ። ድሕነትን ጥዕናን ንምውሓስ ኣቐዲሞም ዝውሰዱ ዝነበሩ ስጉምቲታት፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን፡ ምቕይያር ኩነታት ስራሕ፡ ተሳትፎ ፍሉያት ጉጅለታት ሰራሕተኛታት፡ ተርእዮ ሓደስቲ ኬሚካላት፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣገባብ ኣቈጻጽራ ሰራሕተኛታት፡ ተቐያያሪ መልክዖት ሽቕለትን ካልእን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣዝዮም እናተጻለዉ ይኸዱ ስለዘለዉ፡ ድሕነትን ጥዕናን ከተማዕብል ሓያል ፈተነታትን ብድሆታትን የጋጥም ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ከም ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንእሰያት ቈልዑ፡ ስንክላን፡ ዘቤታውያን ሰራሕተኛታት፡ ስደተኛታትን ካልእን ዝኣመሰሉ ፍሉያት ጉጅለታት ኣብ ስራሕ ዓለም ብብዝሒ ይዋፈሩ ብምህላዎም፡ ዝፍለዩ ዝበቁ ጻዕረታት ናይ ግድን ዳግመ-ግምት ክግበረሎም ከምዘለዎም የእንፍት ኣሎ። ትካላት ድማ ብኡ መጠን ጻዕሮን ተዓጻጺፈን ተበላሒተን ንጥፈታተን ክካይዳ ኣብ ዝጽዕራሉ እዋንን ግዜን ማእለያ ዘይብሉ ማሕለኻታትን ዕንቅፋታትን የጋጥመን ኣሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ እዋን ውሑስ ተባሂሉ ዝተሰርሓሉ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ድሕሪ ገለ እዋን ሕጽረታቱ ተገሊጹ ዘይውሑስ ተባሂሉ ከም ዝኣለ ይግበር። እዚ ዓይነታት ተግባር ድማ ድሕነትን ጥዕናን ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ጻዕረታት ተወሳኺ ፈተነን ጸገምን ይፈጥር። ከም ሳዕቤኑ ሰራሕተኛታት ግዳያት ክኾኑ ይኽእሉ። ከም ኣብነት፡ ኣብ ምጽራይ ወርቂ ንዋሕ ዓመታት ዝገልገለ ሜርኩሪ ሳዕቤናቱ ተጸኒዑ ብሳያናይድ (Cyanide) ክምዝተካእ ኩይኑ፡ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮን ቈልዑን ኣብ ተኣፈፍቲ ንጥፈታት፡ ተርእዮ ኮቪድ-19ን ካልእን ገለ ካብቶም ዝጥቀሱ ኣብነታት ኮይኖም፡ ድሕነትን ጥዕናን ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ጻዕረታት ሓድሽ ኣንፈት ክሕዝ ገይሮም እዮም።

ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ነፍሲ-ወከፍ ዝምልከቶ ኣካል እጃሙን ተራኡን ክዋጻእ ክኽእል ኣለዎ። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ምውሓስ ንገለ ዝግደፍ ዕማም ዘይኮነ ናይ ኩሎም ኣካላት ማለት ናይ ሰራሕተኛታት፡ ኣሰራሕቲ ወይ ትካላት ከምኡ'ውን ናይ ተቖጻጸርቲ ኣካላት መንግስቲ ሓላፍነት ምዃኑ ምዝንጋዕ የብልን። ስለዚ፡ ኣሰራሕቲ ወይ ትካል ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክፈጥሩ ቅድመ-ንጡፍ (Proactive) ስጉምቲታት ክወስዱ፡ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዝወጽኡ ናይ ድሕነትን ጥዕናን ፖሊሲታትን መምርሒታትን ተኸቲሎም መጻልታዊ ንጥፈታቶም ክካይዱ ከምኡ'ውን ተቖጻጸርቲ ኣካላት መንግስቲ ንትግባረ ድሕነትን ጥዕናን ዝወጽኡ ሕጋጋት፡ መዐቀኒ ደረጃታት፡ ኣገባባትን ሜላታትን ክረጋግጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ከም'ዚ ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ ድማ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ሕሞማትን ክጎድሉ ዝኽእሉ።

**ብንያም ኣሕፈርም**
**ጨንፈር ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ**



# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ተጓዳኢ ብስራት

*14 ጥቅምቲ 2009*

*12፡00 ድ.ቐ.*

ኣብዛ ቅነ'ዚኣ ባጽዕ ክንወርድ ምኳንና ቅድሚ ክልተ ወርሒ ነጊረያ። ኣብ መገዲ እናመጻእና ዝነበራ ስምዒት ክገልጸልኪ ይክእልን። ካብ መቑረንቲ ከም ዝተናገፈት ብተይ ሕጉስ ኢላ። እዛ መዓልቲ ትኾነልና ኣይመሰላን ነይሩ ይኸውን። ከምዚ ተሓጒሳ ርእየያ ኣይፈልጥን። ክጥምታ ፈዚዘ። ዝገበርና እንተ ገበርና ንሓድሕድና ምምስጋን ልምዲ ኣይጸንሓናን። ጸጺኒሓ ከተመስግነኒ ውዒላ። ኣዒንታ ክንድኡ በሪሆምን ፈርዮምን ርእየዮም ኣይፈልጥን፣ ከምዚ ዓይነት ሰሓቕ፡ ፍሽኽታ፡ ምስትምቓር ርእየላ ኣይፈልጥን። ዝሓለፉ እዋናት እንታይ ነዕልል ኤርና ኣይርድኣነን። ከምዚ ዓይነት ተምሳጥን ምስትምቓርን ርእየላ ኣይፈልጥን። ንዓይ ዘይተረድኡኒ ተድንቓም ዝነበረት ትርኢታት ብዙሓት ነይሮም። ከተርእየኒ እንከላ ክሳብ ዝርደኣኒ፡ ኣውቶቡስ ትሕምበብ፡ ካልእ ይኸውልና፣ ሽው ባዕላ ተዘንትወለይ። ኣብ ኣስመራ ኣብ ማዕሙቕ ተዓቢጥና ዕላልና ካብቲ ማዕሙቕ ዝወጽእ ኣይነበረን። እዚ ኹሉ እዋን ዝኾነ ነገር ተዓዚባ፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ኣድኒቓን ተመሲጣን ኣይትፈልጥን እያ። 'እዚ ኣብ ባጽዕ ዝነግራ ብስራት ምስ ሰምዐት ደኣ እንታይ ክትብል'ያ፧' ኢለ ጸጺኒሐ እሓስብ ነይረ። ንዓይ ገዲፋ ምስቶም ብጉድንና ዝነበሩ ዲግ ዝበለ ክትዕ ከፊታ። 'እዋይ ተመስገን!' ጥራይ ኢለ። ዝበዝሐ ክትዖም ሰሚዕዮ እየ። ኣብ ገለኡ ዘይትኣምነሉ ርድኢት፡ ክትዛረብ እንከላ ቍሊሕ ኢላ ፍሽኽ ትብለኒ። ኣነ ኸኣ፡ 'ምሕረት ገይረልኪ ኣለኹ፧' ብዘስምዕ ፍሽኽ እብላ። ምስ ዘይትፈልጦም ኣወዳት ዓይኒ ዓይኖም እናረኣየት ጸኒዓ ምክታዓ ደስ ኢሉኒ። ዘፍ ምስ በሉ ኸኣ ኣብ ሕቑፈይ ብዘይ ስክፍታ ትኣቱ።

ካብታ ዝረኸብኩዋ መዓልቲ ኵሉ ሳዕ እንክቐርባ ዝተሓደሱ ዘይፈልጦም ስምዒታት'ዮም ዘወሩኒ። ንስኒት ምፍቃረይ 'ቅኑዕ ኣለኹ ድየ?' ኢለ ነዊሕ ሓሲበ'የ። ዝረኣየኒ ጌጋ ኣይነበረን። ብዓይኒ ዝፈትዎ ዓርከይ መርሚረዮ፣ ኣይተቓወመንን ኣይደገፈንን ከኣ። ኣዕሚቑ ክፈልጣ ፈቲኑ። እተን ብድሆታተይ ነጊሩኒ። ዳርጋ ዓቕመይን ክብድህንን ዝኽእል እየን፣ ብዘይካ ሓንቲ። ንሳ'ውን ድሕሪ ግዜ ከዳኽማ ከም ዝኽእል ኣሚነ ቃልሰይ ጀሚረ። ኣብ ህይወተይ ንመጀመርታ ግዜ ዝፍለጠኒ፡ ብሓደ ምኽንያት ክጽዕር ክኢለ። ስኒት ኣብ ልበይ ቦታ ካብ ትሕዝ ብዙሕ ነገር ተማሂረ ኣለኹ። ዋላ ተሳዒረ እንተ ዝጽጋዕ፡ እንተ ንፈላለ፡ ዝድብሱኒ ዓበይቲ ምስጢራት ተማሂረ እየ። Thankyou snitey!

እዚ ሎሚ ከበስራ ዝወጠንክዎ ዘልኣለም ምእንታን ክንዝክሮ ኣብ ባጽዕ ክኾነልና መሪጸ። ሕጂ ዝኣስሩኒ ነገራት፡ ስምዒታትን ካልእን የብለይን። ኵሉ ጸጽግዑ ሒዙ ንጽቡቐይ ዝምነየሉ እዋን ኣኺሉ'ዩ። እቲ ቀዳማይ ባህገይ ከኣ ምስ ስኒት ዘሎና ዝምድና ኣኽሊል ክንገብረሉ'ዩ። ብስኒት ዋላ ሓንቲ ጸገም ክህሉ ከም ዘይክእል ኣሚነ'የ። ንመርዓ ድሌተይ ምህላዋይ ኣብዚ ክነግራ ሓሲበ።

ከም ዝሓሰብክዎ ግን ኣይኮነን። ክነግራ እንከለኹ ንብዓት ሰዒርዋ። "ንምንታይ? ንምንታይ?" ኢላትኒ። ንባዕለይ ንምንታይ ከምኡ ኰይና ክሓታ ዝግበኣኒ፡ ክትገልጸለይ ዓቕሚ ስኢና። ተቐሪጸ እንከለኹ፡ "በቃ! ንግደፎ፡ ጽባሕ ነዕልለሉ፡ " እናበልኩ ኣቢደያ። ጸሓይ ኰይኑ ዝወዓለ ገጻ፡ ብኣንጻሩ ኰይኑ ገሪምኒ። ገና ይገርመኒ'ዩ ዘሎ። ኣብቲ ገምገም በይና ኮፍ ክትብል ነዊሕ ሓዲገያ። መርዓና ዘይትደልዮ ሕቶታትን ዝኣረገ በሰላን ከላዕለላ ከም ዝኽእል ዝነገረኒ ዓርከይ ምሳይ ከማሲ ነይርዎ። ኡፍ ኣይከኣልኩን ነቢዐ፣ ናይ ድንጋጸ፡ ናይ ምትሕውዋስ ንብዓት። ዝተጸገኑ ዝመሰለኒ ዘይደልደሉ ስምዒታት ኣለዋ። ሎሚ በታ ዝወዓለታ ተሓጒሳ ከተሕልፉ ዘይሓደግኩዋ ተጣዒሰ። መጉዳእታ ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ ፍቕርና ርእየዮ'የ፣ ምረቱ ማዕረኣ ፈሊጠዮ'የ፣ ቃንዛኡ ከም ዝኸብዳ ፈሊጠ'የ። ከነፋኸሶ ብሓደ ጽዒርና፣ ዝተኣለየ'ውን ይመስለና ነይሩ። ንሳ ግን ኣይወጽኣላን። ክሻቐል ስለ ዘይደለይት'ያ ሓቢኣትለይ። ከይደ ሓቑፈያ ምስኣ ኮፍ ኢለ። ዋላ ሓንቲ ቃል ግን ኣየምሎቕኩን። ብዘይ ዘረባ ኣደቂሰያ ናባኺ መጺአ ዳየሪየይ። ጽባሕ እንታይ ክብላ'የ እንድዒ። ሰናይ ለይቲ!

**ዮናታን ሰ.**



## መዓልቲ መርዓና

*14 ጥቅምቲ 2009*

*12፡00 ድ.ቐ.*



ትሪምሪም ከበሮ ገና ኣየዕረፈን ዘሎ። ኣነ ኸኣ ኣብ ውሽጢ መጋረጃ መተረኣሰይ ሓቝፈ እጽሕፍ ኣለኹ። ንሱ ምስውስው ይብል ኣሎ። ኣብታ ኣብ ቤተ ክርስትያን ቃልኪዳን ክንኣቱ እንምሕላ ማሕላ፡ ምስኣን ሓዊሱ ክምሕለን ዝደልዮ ክልተ ኣጀንዳ ከም ዘለዋኒ፡ ኣብተን ብፍቕሪ ተቖሪንና ዝተጓዓዝናለን ሽዱሽተ ኣዋርሕ እነግሮ ነይረ እየ። ቅድሚ ናብ ቤተ ክርስትያን ምእታውና "ቤቱየ!' ኢሉኒ ናብ እዝነይ ቀርብ ኢሉ።

"ህ!" እብሎ ገጸይ ናብኡ መሊሰ።

"እተን ምስታ ቃል-ኪዳን ንኣትወላ መዓልቲ 'ካልእ ትምሕለን ክውስኸካ እየ፡' ኢልክኒ ኤርኪ'ሞ...።" ዘረባኡ ኣየወዳእክዎን፣ ክንጥዉ ኣቢለዮ። ኣብ ክድሚ'ዚ ኹሉ ሰብ ከመይ ገይረ ክስዕሞ እምበር፡ ስለ ዘዘከረኒስ ክቕንጥዎ ኣይምተገበኣንን። ኣብ መዓልቲ መርዓኻ እንታይ ክትሓስብ ትኽእል፣ እንድዒ። ምስታ ምቕንጣዉ ምሉእ ፍሽኽታ ስለ ዝሃብክዎ፡ ኣይሰንበደን።

"እሞ! ኣብ ማሕላና ከም ትዝክረን ቃል እተወለይ፡" ኢለዮ።

"እንሃለኹ'ንዶ ሕጂ ኣዘኪረኪ። ኣይርስዖን እየ። ካባኺ ይፍለየኒ!" ማሕላ ድዩ ጸሎት ድንግርግር እናበለኒ እተን ኣጀንዳይ ነገርክዎ።

1. ድሕሪ መርዓና ዘላ ቀዳመይቲ ለይቲ ብዘይ ዝኾነ፡ ተሓቛቝፍና ጥራይ ሰላም ክንሓድር፣

2. ኣብ ዝኾነ ግዜ ብዘይ ፍቓደይ ብድሕረይ ዳየሪየይ ከፊቱ ከየንብብ፣ ዝብላ እየን።

እዛ ካልኣይቲ ሻቡ ርእሱ ብምንቕናቕ ተሰማምዒላ እዩ። እታ ቀዳመይቲ ግን ገሪማቶ ከም ዘላ ቀልጢፈ ቀብ ኣቢለ'ያ።

"እዉይ! ሳልሰይቲ ዝረሳዕክዋ፡ ቍ.3. ክሳብ እቲ ዝኾነ ዝኸውን ብዛዕባ እዛ ቀዳመይቲ ጠለበይ ሕቶ ከይተልዕል፡" ኢለዮ ርስን ኢሉ። ሰሓቑ ምቍጽጻር ስኢኑ። ብዙሕ ሰብ ምስ ጠመተና ርእሰይ ኣድኒነ ትም ኢለ። ቍሩብ ከኣ ሓፊረ።

ኣነ ክሓፍር ዝጽበዮ ሰብ ዘይክህሉ ይኽእል እዩ። ትማልን ሎምን ተሓጒሰ'የ ውዒለ። ኣብ መዓልቲ መርዓይ ዘይትሓጎስኩኸ መዓስ ክሕጎስ። ብሰንኪ ዋዕየይ ብዙሕ ተጸሪፈ፡ ተሓምየ፡ ናተይን ዘይናተይን ተዋሂበ እየ። ኣብ ገለ እዋን ምስ ገዛ ክሳብ ተባኢሰ ምስ ሓትነይ ዝቖኒ ኰይነ እየ። "ነዚኣ ደኣ መን ክምርዓዋ፡" ዝብል ዘረባ መዕበሲ ባዕለይ ገይረሉ። ነዚ ደጀን ሰብኣየይ፡ እቲ ናተይ ሓቂ ንስነት ክምርምር ሽዱሽተ ወርሒ ወሲድሉ። ኣብዘን ኣዋርሕ ዋላ ሓንቲ ዝሓባእክሉ ኣይነበረን። ኣነ'ውን ብምሉእ ልበይ ፈትየዮ ብምንባረይ፡ እንተታት ከየልዓልኩ ልበይ ቀሊዐ ሂበዮ። "ሳላ ግዜ በሊሕና ኢና፡" ይብሉ መሓዙተይ። ኣነ'ውን ኣብተን ንራኸበለን እዋናት ብልቢ ከም ዘፍቀረኒ ርእየዮ እየ።

እታ ዝብህጋ መርዓን እቲ ዝበሃግክዎ ወድን ረኺበ እንታይ ኰይነ ዘይሕጉስ። ኣጋምሽት ካብ ዳስና ክንወጽእ እንከለና፡ ዝነበረት ጓይላ ተኸይፈላ እያ። ሰላም መሓዛይ፡ "ኣቲ ዝሕል በሊ፡" እናበለት ጦቕ ኣቢላትኒ። ዘይሕጉስከ ከም ድላየይ። "ዕጅብ'ኳ ኣይበላ፡" ከም ዝብላ ኣይጠፍኣንን። ነቲ ዝበሃግክዎን ዝደኸምክሉን መዓልቲ ሓጒሰይ ደኒነ ክሓልፎስ ምስ ምንታይ ክቝጸር ይኽእል። ምኳን ብዓል ኣደይ ቀደም ክምርዓዋ እንከለዋ ባዕሎም ስለ ዘምጽኡለን ከይተሓጎሳ ይኸዳ ነይረን ይኾና። ደቂ ዓሰርተ ክልተ ወይ ዓሰርተ ኣርባዕተ ገና ብቘልዓኣን ስለ ዝተመርዓዋ፡ ከምዚ ናተን ዘይተሰማዓኒ፣ ካብ ገዛና እናወጻእኩ ዘይነባዕኩ ይገርመን ይኸውን። እናሳዕሳዕና እንከለና፡ "ኣንቲ ኣኺልኪ'ኳ'ዩ ኣይትምለስን ኢኺ፣ ብኸዩ'ባ፡" ኢልኒ ሰብኣየይ።

"እውይ ምቁረይ፡ ንዓኻ ረኺበ እንታይ ኰይነ ኢለ ክነብዕ፡" ኢለዮ። ስሒቑ፣ ብዙሕ ኣይስሕቕን እዩ። ኣብዘን ንመርዓ ንሻባሸበለን ዝነበርና መዓልታት፡ ትማልን ሎምን ግን ሓጒሱ ርእየዮ።

መጺኡ በሊ! እዘን ሰለስተ ሕግታት ከተግብረን ድዩ? ጽባሕ ከዕልለኪ እየ። ድሓን ሕደሪ! እ...ም...ጻ!

**ቤትኤል ተስፋይ**

## ዘይምህላወይዶ ኣቕሪርዋ ይህሉ? *24 መስከረም 2011*

ዳየረይ ሳዋ መቸም ከምቲ ብማዕዶ ዝፈራሕክዋ ኣይጸንሐትንን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ፈትየያ። ትምህርቲ ካብ ዝጅምር ክልተ ወርሒ ጌርና ኣለና። ኣብ ጽዑቕ መጽናዕቲ'የ ዘለኹ። ሓሳበይ እንተ ሰሚሩለይ ዝለዓለ ነጥቢ ብምምጻእ ኣብ ዝደልዮ ዓውዲ ክቕጽል'ዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ግን ንጽቡቕን ሕማቕን ኣጋጣሚታት ድልውቲ ኣለኹ ዳየረይ። እንተ ዘይኣምጻእኩ'ውን ኣድሚሽን ካርድ ምሓዝ ሓደ ነጥቢ'ዩ። ድኻመይ ኣለልየ፡ ካልኣይ ሳልሳይ ግዜ ክፍትን እኽእል እየ።

ዳየረይ እንታይ ክትብል ደልያ ኢልኪ ንኽነግረኪ ተረቢጸኪ ከም ዘለኺ ተረዲኣ ኣለኹ። ሎሚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ። ካብቲ ብልቢ ዘፍቅሮ ብዓልቤተይ ንዓይ እተበሰር ፋልመይቲ ደብዳቤኡ ኣብ ኢደይ በጺሓስ ድሮ ኣንቢበ ወዲአያ። እንታይ ኢልኒ መስለኪ፧

"ክብርቲ ኣፍቃሪተይ ፍርቂ ለይቲ'የ ካብ ድቃሰይ ዝተበራበርኩ። ድቃስ ስለዝኣበየኒ ካብ ዓራተይ ተንሲአ ንደገ ወጺአ። ንኸዋኽብቲ ሰማይ ኣንቃዕሪረ ምጥማት ጀመርኩ። ንዓኺ ከርእየኒ ግዲ ደልየዮስ ሰማያት ሳዋ ዘኪረ። ኣብዚ ህሞት እንከለኹ ደብዳቤ ክጽሕፈልኪ ሓሳብ ምስ መጽኣኒ፡ ቢሮን ወረቐትን ኣዋዲደ ክጽሕፈልኪ ጀመርኩ። ክብርቲ ኣፍቃሪተይ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ ዛሕሊ'ዩ ዘሎ። ካብ ዛሕሊ ብኮቦርታ'ኳ ክሕባእ እንተ ፈተንኩ፡ ክመውቕ ግን ኣይከኣልኩን። ኣእዳወይ ብቑሪ ከርዲደን ነንሕድሕደን ኣራኺበ እናፋሕፋሕኩ'የ ዝጽሕፈልኪ ዘለኹ። እቲ ዘገርም ግን ደብዳቤ ኣብ ኢድኪ ምስ በጽሐት ከተንብብያ እንከልኺ ረሃጽ ብኽልተ ምዕጉርቲኺ ኰረር እናበለ ነታ ደብዳቤ ከጠልቕያ ምኳኑ'ዩ።"

ኣይገርመክን! ከምቲ ዝበሎ ኸኣ ኣጋጢሙኒ። እንተ ንሱ'ኳ ወርሒ መስከረም እንታይ ቍሪ ክህሉ ኢሉ፣ ምኳን ዋላ ኣነ ዘይምህላወይ ከም ዘቝረሮ ይነግረኒ ይህሉ። ሰብ መቸም እንተ ቈረረ ጸሓይ ይደሊ፣ ጸሓይ እንተ በርትዐቶ ድማ ዝሑል ቦታ ይደሊ። ምስጢር ፍልጠት ምንባብ ምኳኑን ከንብብ ከም ዘለኒ፣ ኣብ ትምህርተይ ንኽብርትዕ ኣተባብዒኒን ልባዊ ዝኾነ ምኽርን ለጊሱለይ። ዳየረይ ንብዓልቤተይ ብመገድኺ ሰላምታይ ኣብጽሕለይ። ኣብዛ ዙርያና - 25 - ምስቶም ዕውታት ክወጽእ ክጽዕር'የ። ጸሎትኪ ኣይፈለየኒ።

**ኣኽበረት ሙሉእ -ሳዋ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ብስራት መሓሪ ታፍላ፡ ተኸሳሲ ክብሮም ብርሃነ ናይ ሞዝጊት ትሕቲ ዕድመ ኣርያም ክብሮም ብርሃነ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን22/5/24 ኣብ ቁ.49ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ምጽላል ኪዳኑ በዓል ቤተይ ተጋ/ግደይ በየነ ኣስፍሃ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ብዅምንት ተሰማ፡ በዓል ቤተይ በርሀ ተኪኤ ቃሉ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል 6ይ መጋባእያ

ወ/ሮ ልያ ኣያኑብ ተኽለሚካኤል፡ ኣሕዋተይ 1.ትርሓስ ኣያኑብ ን12 ዓመት 2.ወ/ሮ ጸሃይሽ ኣያኑብ ን10 ዓመት 3. ኣቶ ብርሃነ ኣያኑብ ን8 ዓመት 4.ኣቶ ሳሚኤል ኣያኑብ ን2 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሎም፡ ናይ ጥፉእ ውሳኔ ይወሃበኒ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ተወልደ ተስፋይ፡ ኣሞይ ሓዳስ ተስፋይ ካሳ ስለዝዋረረት፡ ክቡ ኣፍ/ ተወልደ ተስፋይ ካሳ ተኪኦ ኣነ ምስ 1 ሓወይን ክልተ ኣሞታተይን 1ሓወቦይን ተተኪእና ደቀምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤ/ፍ/ን/ዞ/በሪኽ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ቅሳት ተስፋኣለም ኣማኑኤል፡ ስም ብኣደይ ዓባየይ፡ ኣድሓኑት ወልደሃይማኖት ምባል ተረፉ፡ ሰላማዊት የማን በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ኣሰማይት ጸጋይ ዘርኡ ምባል ተረፉ፡ ደሊና ጸጋይ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ተወልደመድህን ጸጋይ ዘርኡ ምባል ተረፉ፡ ቢንያም ጸጋይ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዊት ዳኒኤል ፍትዊ፡ ኣደይ ውዳሰ ገብረሂወት ዑቕባሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ቅሳት ሃብተሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ምሉእብርሃን ሃይለማርያም ኣርኣያ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገርግሽ ኣረጋይ ጸዋ፡ ኣደይ ትብለጽ ዑቕባስላሴ ፋጁ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ገብረትንሳኤ ወ/ገብርኤል፡ ስም ኣደይ ንግስቲ ጸጋይ ሃይለሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ንግስቲ ጸጋይ ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ ሃብታማርያም ነጋሽ፡ በዓል ቤተይ ወልዱ መዝሙረ ሃይለሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እዝየኣምን ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ዳናይት ሽመንዲ ተስፋገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ሕድራይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤፍሬም ደሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ለተሚካኤል ባየረ ተ/ብርሃን፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ተኪኤ ብርሃነ ተ/ስላሴ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃንሱ ሰመረ ኪዳኑ፡ በዓል ቤተይ ተጋ/ኣፈወርቂ ዑቕባስላሴ ትኩእ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ኣቶ ብሩኽ ኣስመላሽ በርሀ፡ ኣቦይ ኣስመላሽ በርሀ ኺፈጨ ስለዝዋረረ፡ ምስ 5 ኣሕዋተይ ዝበደፈልና ለዋ ይጽደቐልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ ኣብርሃም ገብረትንሳኤ፡ ኣደይ መብራት ገብርኣብ ደስታ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተ ወልደገርግሽ ወልደሰላሴ፡ ተጻዋዒ ኣቶ የሴፍ ሃብተ ወልደገርግሽ፡ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል16/5/24 1ይ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ሰናይት ዓንደማሪቀል ገብረስላሴ፡ በዓል ቤተይ ጸጋዝኣብ ዓንደብርሃን ወልደኣምላኽ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንን ከሳሲ ወረ/ሄር ኣዜብ ብርሃነ 1.ኣቶ ዳኒኤል ነጋሽን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ ሄር ኣዜብ ብርሃነ ብዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክርክር፡ ተኸሰስቲ ቁ.5 ኣቶ የማነ ነጋሽ 6.ኣቶ መዋእል ነጋሽ ንጹር ኣድራሻ ስለዘይብሎም ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ወ/ሮ ለምለም ገብረመድህን ገብረማርያም፡ ወለድና ገብረመድህን ገብረማርያም ተወልደመድህንን ኣብርሀት ገብረመድህን ጋዜን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት መሴ በራኺ ምባል ተረፉ፡ ሩታ መሴ በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትርሓስ ሃብተ ተፈሪ ምባል ተረፉ፡ ብስራት ሃብተ ተፈሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተርፈኤል ተስፋሚካኤል፡ ወደይ ሃብቶም ከሰተ ተስፋሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ገብረትንሳኤ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ከሰተ ነጋሽ ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ትምኒት ንጉይ ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ መዚት ንጉይ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም መብራህቶም ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቴድሮስ መንግስትኣብ ኣያኑብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ ደ/ዓዲ ቐይሕ

ርሕስቲኣለም ሃይለማርያም ተፈሪ ምባል ተረፉ፡ ርሕስቲ ሃይለማርያም ተፈሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዒድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ሰዒድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ግደይ ሓጎስ፡ በዓል ቤተይ ገብረኪዳን ወልዱ ገ/ጻድቕ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 1 ወደይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ቀደሽ ኪዳን ወለገርግስ ምባል ተረፉ፡ ቅሳት ኪዳን ወለገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ሓጅያ ኢብራሂም ጀምዕ ምባል ተረፈ፡ መናል ኢብራሂም ጃምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ሰለሙን ሓጎስ፡ በዓል ቤተይ ዓንደብርሃን የውሃንስ ተወልደብርሃን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣብዞበር መሓመድ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ኣብዞበር መሓመድእድሪስ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጺጋ ገዝኡ ገብረትንሳኤ፡ ተጻዋዒ ተስፋሚካኤል ባሰለስ ገብረማርያም ኣብ ልዕሊኻ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኢብራሂም ዓሊ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ኢብራሂም ኣደም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ለተዝጊ ዘርኢት ሰረቑ፡ ኣብ ሓወሲ ከተማ ኤደን ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ 10ብ15 ት.ሜ መሬት ኣብ ወሽጡ 1 ክፍሊ ሰሩሕ ዘለዎ ቀዋሚ ገዛ ን3 ደቀይ ወህብቶ ስለዝሃብኩዎም፡ ዝቃወም እንተሎ፡ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓሻ ዑመር ኤማን ምባል ተረፉ፡ ነጃት ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰልማ ዓድል ጀምዓይ ምባል ተረፉ፡ ሰልማ ኣደም ጀምዓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ተሰነይ

ብርጭቆ ገብረሂወት ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ ብርጭቆ ገብረሂወት ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ፍረ የማኑ ገብረስላሴ፡ በዓል ቤተይ መሻ ጸጋዝኣስ መሻ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ንሕና ወረስቲ ኣፍ/ሃብቶም ገብረ ወልደመንቀርዮስ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል፡ ጎደና 835/44 ቁጽሪ ገዛ 20 ዚፕ1A835፡ ፕሎት 71 ፓርሰል ASP00026798-D፡ መለለዪ ገዛ ASD00024191፡ ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ ቁጽሪ መዝገብ ንብረት (ካዳስተር) 1፡BRASM018998 ናይ ኮ/ኣብዩቲ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) 106177 መወከሲ ቁጽሪ 118693 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ ናብ ስምና ክተመሓላለፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምዃንና ንሕብር።

ወረ/ኣፍ ሃብቶም ገብረ ወልደመንቀርዮስ
ወ/ሮ ኣዜብ ግርማጼን ተኽለ ምስ 7 ደቃን

---

ኣመልካቲት ኣነ ዛይድ ዑቕባዝጊ ዑቕቡ ገብረሚካኤል ዝተበሃልኩ፡ ምቕማጠይ ሃገረ ሽወደን ዝኾንኩ፡ ኣብ ኣኽርያ ብስም ኣቦይ ኣፍ/ር ዑቕባዝጊ ዑቕቡ ገብረሚካኤል፡ ኣብ ኣኽርያ ዝርከብ ገዛ ዚፕ 1A167 ፕሎት 47Q ፓርሰል T ጎደና 168-5 ኣብ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASMOL8954 ጠቕላላ ስፍሓት መሬት (233.74 ት/ሜ) ኮይኑ፡ ካብዚ ስፍሓት መሬት እዚ (116.87 ት/ሜ) ብውርሲ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ወረቐት ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

እየሩሳሌም እስጢፋኖስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Food and Agriculture Organization of the United Nations

Vacancy Announcement No:

Issued on:
Deadline For Application: 17 April, 2024

Position Title: Administrative Assistant Grade Level: G-4
Duty Station: Asmara, Eritrea
Organizational Unit: FAO Representation in Eritrea, FRERI Duration *:
Fixed-term: two years with possibility of extension
Post Number: 0807702
CCOG Code: 2102
*The length of appointment for internal FAO candidates will be established in accordance with applicable policies pertaining to the extension of appointments

Organizational Setting
The Food and Agriculture Organization of the United Nations (FAO) contributes to the achievement of the 2030 Agenda through the FAO Strategic Framework by supporting the transformation to MORE efficient, inclusive, resilient and sustainable agrifood systems, for better production, better nutrition, a better environment, and a better life, leaving no one behind.

The main objective in the FAO country offices, which are headed by an FAO Representative, is to assist Governments to develop policies, programmes and projects to achieve food security and to reduce hunger and malnutrition, to help develop the agricultural, fisheries and forestry sectors, and to use their environmental and natural resources in a sustainable manner.

The post is located in the FAO Representation in Asmara, Eritrea.

Main Purpose
The Administrative Assistant performs a large variety of routine administrative transactions and office support functions contributing to the smooth and efficient running of the work unit.

Supervision Received/Exercised
The Administrative Assistant reports to the Assistant FAO Representative (Administration).
He/she acts independently in routine matters. Supervision received is focused on the quality of the work performed and provides for on-the-job learning.

Working Relationships
The Administrative Assistant usually interacts with a wide variety of colleagues within the work unit and with immediate clients within the Organization, providing routine administrative and office support services.

Key Functions/Results
• Retrieve, enter, select and analyse data from a wide variety of sources, including FAO's corporate system and data bases; verify accuracy of data documents; make necessary calculations.
• Assemble and review supporting documentation for processing affiliate workforce, travel or financial actions in FAO's corporate systems, while ensuring compliance with FAO's rules and regulations.
• Maintain imprest accounts; reconcile expenditures, balances, payments, statements and other data; assist in the preparation of recurring and special reports by preparing and editing data in appropriate format as requested; monitor project, programme and general office accounts.
• Maintain detailed records of budget estimates, obligations and available balances; record receipts and disbursements (ledgers, cash books, vouchers, etc.); make disbursements from petty cash fund and balance accounts.
• Prepare routine correspondence of an administrative nature; draft correspondence to verify data, answer queries, and obtain additional information on transactions and financial matters, as required.
• Maintain local inventory records with responsibility for proper recording of assets, their maintenance and safeguard.
• Maintain a filing system of administrative and financial documents.
• Maintain liaison with local banks and financial institutions to keep up-to-date with financial and regulatory information (exchange and interest rates, procedures and rules, maintenance of bank accounts, etc.).
• Support the administration of personnel and equipment as well as protocol-related issues.
• Assist in duties related to recruitment, payroll, staff development, and other HR administrative duties.
• Perform other related duties as required.
Impact Of Work
The incumbent's work impacts on the timely and efficient delivery of office support services and on the overall output of the work unit.

CANDIDATES WILL BE ASSESSED AGAINST THE FOLLOWING

Minimum Requirements
Education: Secondary school education.
Experience: Three years of experience in administrative and office support work.
Languages: Working knowledge (proficient - level C) of English.
IT Skills: Good knowledge of the MS Office applications, Internet and office technology equipment.
Ability to use accounting software and other information systems and databases to insert data, make enquiries, retrieve/define ad hoc reports and analyses and edit results in appropriate format.

Residency: General Service Staff are recruited locally. To be eligible for this position, candidates must be nationals of the country of the duty station or possess an existing visa/work permit and reside within commuting distance of the duty station at the time of the application. "Commuting distance" means the distance within which staff members can travel daily between their place of work and their residence.

Competencies
• Results Focus
• Team Work
• Communication
• Building effective relationships
• Knowledge Sharing and Continuous Improvement

Technical Skills
• Good knowledge of the communication and documentation standards.
• Good knowledge of corporate computerized financial/travel/human resources systems and administrative procedures and policies.
• Good knowledge of the organizational structure.
• Candidate should provide evidence of completion/exemption from the National Service.

Desirable Qualifications And Skills
• Limited knowledge (intermediate - level B) of one of the other working languages of the Organization (Arabic, Chinese, French, Russian or Spanish).

Application should be submitted in the below link:

https://jobs.fao.org/careersection/fao_external/jobdetail.ftl?job=2401113&tz=GMT%2B02%3A00&tzname=Europe%2FBerlin

Please note that all candidates should adhere to FAO Values of Commitment to FAO, Respect for All and Integrity and Transparency.

ኣባላት ፈደል ሓ.ዝ.ብ.ማ፣ ናይ ማሕበር ዝምልከት ኣኼባ ስለዘለና፡ ንዕለት 29/4/2024 ሰዓት 2፡ 00 ድ.ቀ ኣብ ቀንዲ ቤት ጽሕፈትና ክትርከቡ ንሕብር።

ፈደል ሓ.ዝ.ብ.ማ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዓንሰባ ቀጺሉ

ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሕዳር ዝፈለመን ናብ ምዝዛም ገጹ ዝቐረበን ሊግ ዓንሰባ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ብኣርባዕተ ግጥማት ቀጺሉ ነይሩ።

ብቐዳም ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ፡ ደሴትን ኣል-ሳሕልን ክጋጠማ እንከለዋ፡ ደሴት፡ ኣብ 10ይ ደቒቕ ካብ ሚልዮን የናታን ኣብ መበል 11 ደቒቕ ከኣ ካብ የውሃንስ ባህታ ብዘመዝገበተን ሸቶታት 2-0 መራሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን እዛ ጋንታ፡ ካብዞም ክልተ ተጻወትታ ሸቶታት ብምውሳኻ 4-0 ተዓዊታ። ሚልዮን ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ጸወታ ተሰምዩ።

ሳላስ ምስ ኣል-ነስር ድሒሩ ዝተኻየደ ግጥም እዩ። ኣል-ነስር፡ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ብመገዲ ረዳእ ወልደሚካኤል (ማይዖ) ሸቶ ኣመዝጊባ ንዕረፍቲ መራሓ ወጺኣ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 53 ደቒቕ ካብ የውሃንስ ሃይለ ሸቶ ወሲኻ 2-0 ተዓዊታ። ኣባላ ኣማኑኤል ፍስሃየ ከኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ተሰምዩ።

ኣብ ዝሰዓበ ዕለት፡ ጉዘጠንዳን ኣል-ጋሽን ቀዲመን ተጻዊተን። ኣል-ጋሽ፡ ወላ'ኳ ቀዲማ መሪሕነት እንተሓዘት፡ ጉዘ ጠንዳ ግን፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ሰለስተ ሸቶታታ ብምቑጻር 3-1 ተዓዊታ።



ብዘይካ'ዚ፡ ዓንሰባ ካብ ሰማንደር ኢሳቕ ሰለስተ ሸቶታት፡ ሓንቲ ከኣ ካብ ፍትሒ ሓሰበላ ብምቑጻራ ኣብ ልዕሊ ኣል-ሂላል ብጸፊሕ 4-0 ተዓዊታ። ሰማንደር፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ተጸዊዑ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ኢትዓብር ምስ ደሴት፡ ደንደን ምስ ሳላስ፡ ጸባሕ ከኣ ጉዘጠንዳ ምስ ኣል-ሳሕል፡ ኣል-ነስር ምስ ኣል-ሂላል ብዘካይዳኦ ግጥም ክቕጽል እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ከረን ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ከቦቢ. 06 ንከቦቢ. 04 - 4-01፡ ከቦቢ. 05 ድማ ንከቦቢ. 03 - 2-01 ኣሰኒፈናኦን።

ብተወሳኺ፡ ክለባት ኣልሳሕልን ኣነጀምን ብምስዋእቲ ንዝተፈለየ ጉዳም ተጻዋታይ ክለብ ኣል-ሳሕል ማሕሙድ ኣቡብከር ማሕሙድ (ኣይርግራ) ንምዝካር ምሕዝነታዊ ጸወታ ኣካይደን። ኣልነጀም ድማ፡ 4-03 ብምዕዋት ዋንጫ ምዕታሩ፤ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ ሓቢሩ።

## “ንዓወትና ዝተዋህቦ ትንተና ዘሕፍር እዩ” ተን ሃግ

ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ኣብ ልዕሊ ኮቨንትሪ ዝመዝገብዎ ዓወት ኤፍ.ኤ ካፕ ዝተዋህቦ ትንተና፡ ‘ዘሕፍርን ነውርን’ ምዃኑ ተዛሪቡ።

ዩናይትድ፡ ኣብቲ ብሰንበት ዝተኻየደ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ፡ ክሳብ 58 ደቒቕ ሰለስተ ሸቶታት ብምቑጻር፡ ዝተዓወተት መሲላ ነይራ። እንተኾነ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ'ውን እትጻወት ኮቨንትሪ፡ ክሳብ 95 ደቒቕ ሰለስተ ሸቶታት ብምቑጻር፡ ነዛ ዓባይ ጋንታ ኣደንዚዛ ወጽኢት ማዕረ ገይራቶ። ብፍጹም ቅላዕ 4-03 ካብ ምስዓር ግና ኣይደሓነትን። ኮቨንትሪ፡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ዘመዝገበታ ሸቶ ብቫር ብምስራዙ፡ ንተጻወትቲ ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ካብ ሕፍረት ካብ ምንልባብ ኣይድሓናቶም እያ።

ድሕሪ'ዚ ብፍጹም ቅላዕ ዝተዛዘመ ጸወታ፡ ብዙሓት ተንተንቲ ንዩናይትድ ክነሃልዋ እዮም ተሰሚዖም። ተን ሃግ ግና፡ ንዚረባ እቶም ንዓወቶም ዘቖናጽቡ ተንተንቲ ማዕከናት ዜናን ‘ዘሕፍርን ነውርን’ ክብል እዩ ገሊጽዎ።

“ኩዕሶ እግሪ ናይ ወጽኢት እዩ።” ዝበለ ተን ሃግ፡ “ንፍጻመ ሓሊፍና ኣለና፡ ይግበኣና ድማ እዩ። እቲ ጸወታ ን20 ደቓይቕ ካብ ቁጽጽርና ወጺኡ እዩ ኮይኑ፣ ኣብ መወዳእታ ግና ዕድለኛታት ነይርና። ናብ ፍጻመ ምሕላፍና ዓቢ ዓወት እዩ።” ኢሉ።

እቲ ብዙሓ ዓውየም ዝተዋህበ ኣሉታዊ ትንተና ተረዲኡዎ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ “ኖ ብፍጹም። ካብ ማዕከናት ዜና ዝወጸ መግለጺ ዘሕፍር እዩ። ብወገነይ፡ ኣብ ክልተ ዓመታት ክልተ ግዜ ኣብ ፍጻመ ኤፍ.ኤ ካፕ ምብጻሕ - ዝደንቕ እዩ። ከም ኣሰልጣኒ፡ እቲ ዝተውሃበ ትንተና ከም ነውሪ እየ ዝሓስቦ።” ድማ ይውስኽ እዚ ሆላንዳዊ ዓሌሚ።

ናብ ፍጻመ ሓሊፉ ዘሎ ማን ዩናይትድ፡ ምስ ጓል ከተማኣን መቐናቕንታን ማን ሲቲ እያ ክትራኸብ - ኣብ 25 ግንቦት። እዘን ክልተ ክለባት ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ መድረኽ ተራኺበን፡ ሲቲ 2-01 ተዓዊታ ምንባራ ይዝከር።




## ሃገራዊ መደብ ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ተበጊሱ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ምስ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ብምትሕብባር፡ ስልጠና ሃገራዊ መደብ ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ብሰኑይ 22 ሚያዝያ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣበጊሱ።

ኣብቲ ካብ ፊፋ ዝመጹ ሓለፍቲ ዝተረኸቡሉ ኣጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ኣብ ዘስመዖ ቓል፡ እዚ



ተወፋይነትን ምትብባዕን ኩዕሶ እግሪ ከም መሳርሒ ንትምህርትን ማሕበራዊ ለውጥን ሓቀኛ መበረብሪ መንፈስ ምዃኑ ሓቢሩ።

ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ወኪሉ ቃል ዘስመዐ መምህር ዓንደም እዮብ ድማ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንምዕባለን ስልጣንን ኩዕሶ እግሪ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዓቢ ኣቓልቦ ሂቡ ከም ዝሰርሓሉ ብምሕባር፡ ኣካላዊ ትምህርቲ ድማ ማዕረ ማዕረ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ብስሩዕ ከም ዝወሃብ ኣረዲኡ።

ዋሕዲ ብዓበእ ዝሰልጠኑ መማህራን ኣካላዊ ትምህርቲ ምህላው፡ ትሕተ ቅርጺ ሜዳታት ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ምህላው፡ ከምኡ'ውን ዋሕዲ ስፖርታዊ ዕጥቂ ካብቶም ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ንኸይዓቢ ብድሆ ኮይኖም ዘለዉ ምኳኖም ብምግላጽ ከኣ፡ ምስ ምጅማር ናይቲ ብፊፋ ተበጊሱ ዘሎ መደባት ገለ ካብዞም ዝተጠቕሱ ብድሆታት ክፍትሑ ትጽቢት ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ፊፋ ሚልያዊት ፋቲማ ሰሰቡ ብወገና፡ ዝተገበረላ ምዉቕ ኣቀባብላ ብምምስጋን፡ ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ፊፋ ኣብ 2018 ብሓሳብ ፕረዚደንት ፊፋ ጃኒ ኢንፋንቲኖ ከም ዝጀመረ ብምጥቃስ፡ ዕላማኡ ዝኾነ ህጻን ምስ ኩዕሶ እግሪ ዘለዎ ምትእስሳር ንምሕያልን ኩዕሶ እግሪ ንምጽዋትን ገለ ናይ ህይወት ክእለት ንምምሃርን ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብዚ ንኽልተ መዓልቲ ማለት (22-23 ሚያዝያ) ዝቐጸለ ስልጠና፡ ካብ ሽዱሽተ እን ዞባታት ዝመጹ ልዕሊ 40 መማህራን ኣካላዊ ትምህርቲን ዞባዊ ቴክኒካል ዳይረክተራትን ተሳቲፎም። ብኽልስ ሓሳብን ብጉብርን ብክኢላታት ፊፋ ኢንስትራክተራት ኣልበርቶ ጃክሚናን ኣንቶንዮ ቢና ድማ ተዋሂቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ወግዓዊ ምጅማር ሃገራዊ መደብ ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ሎሚ ረቡዕ ካብ ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ ጀሚሩ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ክካየድ እዩ።

## ኤምረ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ኣሰልጣኒ ክለብ ኣስቶን ቪላ ኡናይ ኤምረ፡ ኣብ 2026 ዘብቅዕ ዝነበረ ውዕሉ ክሳብ 2027 ከምዘናውሖ ተገሊጹ።

ኤምረ፡ ንዝተባረረ ዓሌሚ እዛ ጋንታ



ስቲቨን ጀራርድ ተኪኡ፡ ኣብ ሕዳር 2022 እዩ መዘውር ተቐቢሉ። እዛ ጋንታ፡ ኣብቲ እዋን መበል 16 ደረጃ ሒዛ ብሓንቲ ነጥቢ ካብ ናይ ምውራድ ሓደጋ ክብ ኢላ ኣብ ጠልጠል እያ ትርከብ ነይራ።

ይኹን'ምበር፡ ብመሪሕነት እዚ እስፓኛዊ ዓሌሚ ተሃዲሳ ዝቐረበት ቪላ፡ ካብቲ ዝነበረቶ ዝቐተ ወጺኣ ሻውዓይ ደረጃ ክትውድእ ኣኽኢልዋ፡ ኣብ ኤውሮፓ ኮንፈረንስ ሊግ ዘሳትፋ ደረጃ ከኣ ሒዛ። ድሕሪ 2010-11 ናይ ፈለማ ተሳትፎ ኤውሮጳዊ ውድድር ማለት እዩ።

ብቐጻሊታዊ ጽልዋ እዚ ኣሰልጣኒ ጸቡቕ እትግስጎስ ዘላ ቪላ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሳትፋ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ። ብዘይካ'ዚ ቪላ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ኤውሮፓያን ኮንፈረንስ ሊግ፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ ናብ ፍጻመ ክትሓልፍ ኣብ ተስፋ ትርከብ - ድሕሪ 1982 ንፈለማ ግዜ።

ኤምረ፡ ኣብዛ ጋንታ ብዘርኣዮ ብሉጽ ስራሑ፡ ኣብ ራዳር ዓባይ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ኣትዩ ምጽንሑ ይግለጽ። ይኹን'ምበር፡ ኣብዛ ግርም ገይሩ ሃኒጹዋ ዘሎ እንግሊዛዊት ክለብ፡ ንዝስዕቡ ሰለስተ ዓመታት ክጸንሕ ፒርን ወረቐትን ኣራኺቡ ኣሎ።

እዚ ወዲ 52 ዓመት ዓሌሚ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ፕሪመር ሊግ - ን18 ኣዋርሕ ንኣርሰናል ከምዝዓለማ ይዝከር። ይኹን'ምበር፡ ወላ'ኳ ነዛ ጋንታ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮፓ ሊግ እንተኣብጽሓ፡ ዘይዕዉት ግዜ ከምዝሕለፈ ግና ይግለጽ። ኣርሰናል፡ ኣብቲ ናይ 2019 ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ብቸልሲ 4-01 ምስዓራ ይፍለጥ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ዎልቭስ - ቦርንማውዝ 9፡45 ምሸት

ክሪስታል ፓላስ - ኒውካስል 10፡00 ምሸት

ኤቨርተን - ሊቨርፑል 10፡00 ምሸት

ማን ዩናይትድ - ሽፊልድ 10፡00 ምሸት

## ዩኤፋ - ኣብ ጉዳይ ወሰኽ ተጻወትቲ

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ - ዩኤፋ፡ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ኣብ ዝካየድ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ጋንታታት 26 ተጻወትቲ ክሕዛ ምውሳኑ ተገሊጹ።

ዩኤፋ፡ ምስ ኣሰልጠንቲ ናይተን ሃገራውያን ጋንታታት ድሕሪ ዝገበሮ ዝርርብ እዩ ካብ 23 ብዝሒ ተጻወትቲ ናብ 26 ክብ ክብሎ መዲቡ። ወላ'ኳ ገለ ኣሰልጠንቲ ነቲ ሓሳብ እንተደገፍዎ፡ ካልኦት ግና፡ 26 ተጻወትቲ ከተመሓድር ከቢድ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ከምዘይተቐበልዎ ገሊጾሙ ነይሮም እዮም። ይኹን'ምበር፡ ኣብዚ እዋን እቲ ውሳኔ ጸዲቑ ምህላዉ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ ዩሮ 2020፡ ሰሪ ጽልዋ ለበዳ ኮሮና፡ ብዝሒ ተጻወትቲ ናብ 26 ክብ ኢሉ ምንባሩ ይዝከር። ድሕሪኡ ግና ዩኤፋ ነቲ ብዝሒ ናብ 23 መለሶዎ ጸኒሑ። ከም ኣሰልጣኒ ሆላንድ ሮናልድ ኮማን ዝኣመሰሉ ነቲ ምምላስ “ትርጉም ኣልቦ” ብምባል ከምዘይተቐበልዎ ክገልጹ እንከለዉ፡ ዓሌሚ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌት ግና፡ ክድግፎ እዩ ተሰሚዑ።

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ቀጠር፡ ብዝሒ ተጻወትቲ 26 ክኸውን ተፈቒዱ ምንባሩ ይዝከር። እቲ ውድድር፡ ኣብ ፍርቂ ዓመት ብምክያዱ።

ዋንጫ ዓለም ኣብ ሰዘን ኑሓሰን እዩ ዝካየድ ነይሩ፣ ናይ 2022 ግና ኣብ መንጎ ዓመት-ውድድር ሕዳርን ታሕሳስን ከም እተሰላሰለ ይዝከር።

### ቅንጥብጣብ

* ኣጥቃዓይ ጁቬንቱስ ዱሳን ቭላሆቪክ፡ ኣብዛ ክለብ ሕጉስ ከምዘሎ ገሊጹ።

“ካልኦት ዓብይቲ ዋንጩ ክዕወት እዩ ዝደሊ። ፒኤስጂ ወይ ቸልሲ” ዝበል ወረ ሰሚዐ ኣለኹ፣ ኣነ ግና፡ ኣብዚ ዜናታት'ዚ ኣይግደሰን እየ።” ብምባል፡ ዕላማኡ ምጽናሕ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

* ኢንተር ሚላን፡ ሰሪ'ኣ ሓሙሽተ ግጥማት ተሪፍዋ እንከሎ፡ ሻምፕዮን እቲ ሊግ ምዃና ሰኑይ ምሸት ኣፍሊጣ - ኣብ ናይ ደርቢ ጸወታ ንኤሲ ሚላን ድሕሪ ምስዓራ።

እዛ ጋንታ፡ ካብ ኣሰርቢን ቱራምን ብዝረኸበቶን ክልተ ሸቶታት እያ፡ ኒታ ካብ ሀርናንደዝ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ሸቶ ዘመዝገበት ጓል ከተማኣ 2-01 ኣሰኒፋታ። በዚ ከኣ፡ ንሚላን ብ17 ነጥቢ በሊጻ ንመበል 20 ግዜ ሻምፕዮን ኮይና ኣላ።

ኣብዚ ግጥም፡ ጸወታ ኣብ ኣጋ ምውድኡ ብዝተፈጥረ ባእሲ ተጻወትቲ፡ ክልተ ካብ ሚላን ሓደ ካብ ኢንተር ብቐይሕ ካርድ ተባሪሮም እዮም።

ዋንጫ ሰሪ'ኣ ብናይ ደርቢ ሚላን ጸወታ ዕወትቲ እትፍለጠሉ ዘላ ናይ ፈለማ እዋን እዩ - 116 ዓመታት።

* ናይ ቀድም ዓሌሚ ዎልቭስ ጁለን ሎፕተጉ፡ ንቦታ ኣሰልጣኒ ዌስትሃም ዳቪድ ሞየስ ንምትካእ ሓደ ካብቶም ተጠመትቲ ዓለምቲ ኮይኑ ምህላው፡ ጋዜጣ ተም ቶክ ኣቃሊሓ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ደሃይ ድሙቕ ዓወት ኤርትራውያን ኣትለታት

ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ብሰንበት 21 ሚያዝያ ኣብ ቬይና ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ንመወዳድርታ ራሕሪሓ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ኮይና። ናዝራት ነቲ ውድድራ ብ2 ሰዓት፡ 24 ደቒቕን 8 ካልኢትን ብምዝዛም'ያ ቀዳመይቲ ንማራቶን ቬይና ዝተዓወተትሉ ኤርትራዊት ኣትሌት



ክትከውን በቒዓ። እዛ ኣትሌት፡ ነተን ተሸለምቲ ብሩርን ነሓስን መዳልያታት ዝኾና ኬንያውያን ኣትሌታት ብልዕሊ ክልተ ደቓይቕ ራሕሪሓተን ።ዚ ታሪኻዊ ዓመት ከተመዝግቦ ብምኽኣላ ፍሉይ ኣርእስቲ ሰሪሓ ኣላ። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ፡ በዚ ንፋስ ኣብ ዝዑብለሎን ክሳብ 5 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዓቐን ዛሕሊ ኣብ ዝነበሮን ውድድር ዘመዝገበቶ ዓወት፡ ናብቲ ኣብ ወርሒ ሓምለ ናይዚ ዓመት ኣብ ፓሪስ




ዝካየድ ውድድር ኦሎምፒክ ዘእትዋ ሚኒማ ረኺባ ኣላ። ኣዳለውቲ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ቬይና ማራቶን ብድምር 42,625 ኣትሌታት ከም ዝተመዝገቡ ክሕብሩ ከለዉ፡ ካብዚኦም እቶም 10,024 ናይ ማራቶን ኣትሌታት እዮም ነይሮም። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ እትርከበን ሰለስተ ኣትሌታት ገና እቲ ውድድር 5 ኪሎሜትር ምስ ተሳዕሎ እየን ንመወዳድርተን ጉዳፈን ክኸዳ ተራእየን። ን21 ኪሎሜትር ብ71፡49 ዝበጽሐኦ እዘን ኣትሌታት፡ ዋላ'ውን ኣብቲ ንፋስ ዝበርዐ ቦታታት ብናዝራት ወልዱ እየን ዝቕለሳ ነይረን። ወናኒት ሃገራዊ ክብረወሰን ማራቶን ኣትሌት ናዝራት ወልዱ፡ ድሕሪ 30 ኪሎሜትር ዝኾነት ኣትሌት ምስኣ ክትጎዓዝ ኣየፍቀደትን። ንቢይና ብምሕንቡበ'ያ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ረጊጻ። ናዝራት ድሕሪ'ቲ ውድድር “ዋላ'ኳ ቀዳማይ ዕላማይ ንኦሎምፒክ ፓሪስ ዘእትወኒ ግዜ ምምዝጋብ እንተነበረ፡ ንኽዕወት'ውን ድሌት ነይሩኒ'ዩ። ጸቡቕ መዓልቲ ውዕለ ድማ ንኽልቲኡ ኣማለአየ” ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ጎደናታት ፓሪስ ።ዚ ዓወት ክትደግሞ ዝኸኣላ ከም እትጽዕር ኣፍሊጣ። እዚ ዓወት ምሉእ ርእሱምትእምማን ከም ዝፈጠረላ ዝሓበረት ናዝራት፡ ንፋስን ዛሕልን ተደሚሮም ከቢድ ውድድር ከም ዝበረ'ውን ኣረዲኣ። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ንኻልኣይ ግዜኣ'ያ ኣብ ውድድር ማራቶን ወርቂ መዳልያ ትወስድ ዘላ። ኣብ 2022 ኣብ ደገ ማራቶን ብምዕዋት ሰለስተ ዝተፈላለዩ ክብረወሰናት ከም ዝሰበረት ኣይርሳዕን። እዛ ብኣሰልጣኒ ለ.ቨንግኖስዮን ኣብርሃም እትእለ ኣትሌት፡ ገና ካብ ንኡስ ዕድሚኣ ጀሚራ'ያ ኣብ መሰልጠኒ ማእከል መረብ ሰቲት ተኹስኩሳ ዓቢያ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓወታ ንወናኒ ናይዚ መሰልጠኒ ማእከል ኣቶ ተወልደብርሃን ተስፋጋብር ስለ'ቲ ኩሉ ኣበርክቶኡ እተመስግን ኣትሌት ናዝራት፡ ኣብዚ ማእከል ንብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት ኣብዮት ከም ዝኾነት ይእመን።

21 ጥሪ ንዓወት ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ጥራይ ኣይኮነትን ሰሚዳ ሓሊፉ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብሉጽ ብቕዓት ዘንጸብርቕ ዘሎ ኣትሌት ሄኖክ ተስፋይ ኣብቲ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ሽዱሽተ ማራቶናት ዓለም ዝኾነ ለንደን ማራቶን ተወዳዲሩ ሻዱሻይ ተርታ ክሕዝ ከሎ፡ ካልእ ኤርትራዊ ኣትሌት ሞገስ ሹማይ ከኣ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝተኻየደ ፓዶቫ ማራቶን ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ኣሎ። ኣትሌት ሄኖክ ተስፋይ ነዚ ውድድር ብ2፡09፡22 ድሕሪ ምውዳኡ'ዩ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ኣትሌታት ስሙ ክሰፍር በቒዑ ዘሎ። እዚ ኣትሌት ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ስሎቫኒያ ማራቶን 2፡07፡55 ሰዓት ብምህራም ኣብ ውድድር ፓሪስ ኦሎምፒክ ዝሳተፎ ሚኒማ ከምዝረኸበ ኣይርሳዕን። 2 ሰዓት 7 ደቒቕን 12 ካልኢትን ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት ዘለዎ ሄኖክ፡ ኣብዚ ዓመት ብማሕበር ኣትሌቲክስ ዓለም ብዘተዋህበ ደረጃ ኣትሌታት ዓለም፡ ካብ ኤርትራውያን ኣትሌታት ኣብ ቅድሚት'ዩ ተሰሪዑ ዘሎ። ኣብ ውድድር ፓዶቫ ማራቶን ኢጣልያ ዝተሳተፈ ኣትሌት ሞገስ ሹማይ፡ ን42 ኪሎሜትር ብ2 ሰዓት 9 ደቒቕን 32 ካልኢትን ብምዝዛም'ዩ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ኮይኑ።

ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ኣትሌታት ንውድድር ኦሎምፒክ ዝኾኖም ምድላዋትን ውድድራትን ኣብ ዘካይድሉ ዘለዉ ግዜ፡ ጋንታ ዘርአዩዎ ተወዳዳርትን ዘመዝገብዎ ውጽኢትን መርኣያ ዕቤት ተወዳደርቲ ዞባታት ዘርእዩ ኣጋጣሚ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ንሳልስቲ ዝቐጸለ ሃገራዊ ውድድራት፡ ብድምር ውጽኢት ካብ ደቀንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ካብ ደቂተባዕትዮ



ቀዳሚ ሓደት ኣዋርሕ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ጎይትኦም ክፍለ ኣብ ኣስትሪያ ቀዳማይ ብምውጻእ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ክኸውን ከሎ፡ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ስጳኛ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ነሓስ መዳልያ ከም ዝወሰደ ዝዝከር'ዩ።

ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ኣትሌቲክስ ድማ ክለብ ደንደን ሚኒ/ምክልኻል ጉባልል ኮይነን ውድድረን ብምፍጻም ተሸለምቲ ዋንጫ ክኾና እንከለዋ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ናይቲ ሃገራዊ ውድድር ዝተዓወቱ ውልቀ ኣትሌታት ድማ ከም ዘመዝገብዎ ውጽኢት ናይ ሜዳልያን ገንዘብን ሽልማት ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ



ናብ ሃገራዊ ውድድራት ኣትሌቲክስ ምስ እንሰግር፡ ብሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ተወዲቡ ካብ 19-21 ሚያዝያ 2024 ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካየድ ኣብ ዝቖየ ሃገራዊ ውድድር ትራክን ፊልድን ዓብይቲ ኣትሌታት፡ ክለብ ደንደን ሚኒ/ ምክልኻልን ዞባ ማእከልን ጉባልል ብምዃን ደምቕ ዓወት ኣመዝጊበን።

እዚ ብሰንበት 21 ሚያዝያ 2024 ብልዑል ደምቀት ዝተዛዘመ ሃገራዊ ውድድር፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝሓየለ ተወዳደርቲ ዝተንጸባረቐሉ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ከም ልሙድ ካብ 100 ሜተር ክሳብ 10 ሽሕ ሜተር ናይ ትራክ ቅድድም ከምኡ'ውን ንዝተፈላለዩ ዓውድታት ተግባራት ሜዳ (Field Events) ኣጠቓሊሉ'ዩ ውድድራቱ ኣሰላሲሉ።

ካብቶም ዝተኻየዱ ውድድራት ኣብ 1500 ሜተር፡ 5 ሽሕ ሜተር፡ 10 ሽሕ ሜተር ከምኡ'ውን ናይ ጋንታ ናይ ምቕባል በትሪ (Relay) ክሳብ ምዝዛም'ቲ ውድድር ዝተንጸባረቐ ተወዳዳርነት፡ ነቲ ሃገራዊ ውድድር ፍሉይ ደምቀት ካብ ዝሃቡ ፍጻመታት'ዩ ነይሩ። እቲ ዓመታዊ ውድድር ብተወሳኺ፡ ንተወዳደርቲ ኣትሌታት ፓራሊምፒክ ናይ 800 ሜተር ውድድር ዝሰርዐ ኮይኑ፡ ተወሳኺ ደምቀት'ቲ ሃገራዊ ውድድር ኮይኑ'ዩ ንፍጻመ በቒዑ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣትሌታት ዞባ ዓንሰባ ኣብ ውድድር ምቕባል በትሪ ከምኡ'ውን ኣብ ውድድራት ተግባራት ሜዳ ብደረጃ ሓለፍትን ዕዱማት ኣጋይሽን ተቐቢሎም።

ኣብዚ ውድድር ናይ ክለብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣትሌት ዝኾነት ዳዊት ሰዓረን ናይ መረብ ሰቲት ኣትሌት ዝኾነት ርሻ ሳለን ኣብ ዝተፈላለዩ ርሕቀታት ሰለስተ ወርቂ መዳልያታት ክዕትራ ብምኽኣለን ብፍሉይ ክድምቃ ክኢለን'የን። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ናይ ጽርግያ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ራብዓይ ተርታ ዝሓዘ ኣትሌት ዳዊት ሰዓረ፡ ኣብ 400 ሜተር ፡ 1,500 ሜተርን 5 ሽሕ ሜተርን ምቕባል፡ ወርቂ መዳልያ ክወሰድ ከሎ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለምን ግጥማት መላእ ኣፍሪቃን ክሳብ ፍጻመ ዝበጽሐት ኣትሌት ርሻ ሳለ ከኣ ኣብ 800 ሜተር፡ 1,500 ሜተር ከምኡ'ውን ኣብ 400 ሜተር ምቕባል'ያ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ኮይና።

ካብ ዝሓለፈ ሓደት ዓመታት ኣትሒዘን ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራውን ኣህጉራውን ውድድራት ዘመዝገባኦ ዘለዋ ዓወታት ኣዝዩ ዝሕጕስ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ናይ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ብኣትሌታት መረብ ሰቲት ናዝራት ወልዱን ራሄል ዳንኤልን ብሉጽ ውጽኢት ከም ዝተመዝገበ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ ከኣ ዓሚ ኣብ ቡዳፐስት ሃንጋሪ ብሉጽ ደረጃ ከም ዝሓዘት ኣይርሳዕን። ብዘይካ'ዚ፡ ኣትሌት ርግበ ሃብተስላሴ እውን ኣብ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ኣትሌታት ተሰሪዓ እያ።

## ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ፓራሊምፒክ ሞሮኮ ትሳተፍ ኣላ

ኤርትራ ኣብቲ ካብ 21 ሚያዝያ 2024 ጀሚሩ ኣብ ከተማ ማራካሽ (ሞሮኮ) ዝካየድ ዘሎ ብሞሮኮ ግራንድ ፕሪክስ (Morocco Grand Prixs) ዝጽዋዕ ኣህጉራዊ ውድድር ፓራሊምፒክ ትሳተፍ ከም ዘላ፡ ህዝባዊ ርክብት ኮምሽን ባህልን ስፖርት ኤርትራ ሓቢሩ።

5 ኣባላት ሒዛ ናብ ሞሮኮ ኣምሪሓ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ፓራሊምፒክ ኤርትራ፡ ብኣትሌታት ስብሖቱ ክስተን ቴድሮስ ኣረጋይን ኣብቲ ክሳብ 28 ሚያዝያ ዝጸንሕ ውድድራት ከም እትሳተፍ ክፍለጥ ከሎ፡ ኳ-ኺ'ቲ ኣህጉራዊ ውድድራት ኣብ ዝካየድ ስልጠናታት ኩዕሶ እግሪ ዓይነስወራንን ኣትሌቲክስን ድማ ብኣሰልጠንቲ መም/ ሞኻዘሊ ገዛህይን መም/ በረኸት ማሰፍንን ክትውከል ምዃና እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣህጉራዊ ውድድር፡ ተወዳደርቲ ኣትሌታት ዘለዎም ዓይነት ስንክልናን ተመሳሳሊ ኣብ ከመይ ዓይነት ውድድር ክሳተፉ ከም ዝኽእሉ ንምምዳብን ንጹር ናይ ስፖርት ኮድ ንምሃብን ከምኡ'ውን ብመንገዲ ኣብቲ ውድድር ዘመዝገብዎ ውጽኢት ኣብ ውድድር ፓራሊምፒክ ፓሪስ 2024 ዝሳተፉሉ ዕድል ንምርካብ ምዃኑ ፕረዚደንት ሃገራዊ ኮሚቴ ፓራሊምፒክ ኤርትራ ኣቶ ሃይሉ ኣስፍሃን ጹሓፊ ናይ'ቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ኣቶ ገብረሂወት ተኽለን ኣብ ወግዓዊ ስነስርዓት ምፍናው'ታ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ገሊጾም።


ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ንምፍናው ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተገብረ ናይ ምፍናው ስነስርዓት፡ ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘሙይ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ውድድራት ፓራሊምፒክ ኣካል ሃገራዊ ውድድራት ስፖርት ኤርትራ ንምግባሩን ኣባልነት ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ኮሚቴ ፓራሊምፒክ ንምርግጋጽን ድሕሪ ዝተኻየደ ሓያል ጻዕርን ስራሕን እዚ ናይ ውድድር ባይታ ምፍጣሩ ብምሕባር፡ ንዕቤት ንጥፈታት'ቲ ዓውዲ ዝድርኽ ምኻኑ ብምዝኽኻር፡ ኣብቲ ዝካየድ ውድድር ጠቓሚ ተመክሮን ልምድን ብምውሳድ ብደረጃ ሃገር ዕቤት ስፖርት ፍሉይ ተውህቦ (ፓራሊምፒክ) ንምርግጋጽ ዘኽእል ተራ ንምብርካት ብምሉእ ዓቕሞም ክዋስኡ ተላቢዩ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## “ሃገራት ምዕራብ፡ ናብ ኒኩለሳዊ ውግእ ይደፋፍኣ ኣለዋ” ሚኒስተር ላቭሮቭ



ኣመሪካ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን - ንዩክሬን ዝሁብኦ ዘለዋ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ኣብ መንጎ እተን ወሰንቲ ኒኩለሳዊ ኣጽዋር ዝሓዛ ሃገራት፡ ቀጥታዊ ዝኾነ ውግእ ክኽፈት ዝደፋፍእ ምዃኑ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌ ላቭሮቭ ኣጠንቂቑ።

“ኣመሪካን መሻርኽታን ናብ ዩክሬን ወተሃደራዊ ሓገዝ ብምልኣኽ፡ ናይ ሩስያ ስዕረት ይጽበያ ኣለዋ” ዝበለ ሚኒስተር ላቭሮቭ፡ ሩስያ ተደጋጋሚ መጠንቀቕታ ክትህብሉ ዝጸንሐት ጉዳይ ምዃኑ ጠቒሱ።

ሰርጌ ላቭሮቭ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣመሪካ ዝመርሓቶን ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ዝኾና ሃገራት፡ ‘ስትራተጂካዊ ስዕረት ሩስያ’ ብዝዙበል ሓሳብ ተወሲፈን ከምዝለዋ - ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ኣመሪካ፡ ኣብዚን ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ጥራይ፡ ንዩክሬን ብኣማኢት ቢልዮናት ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዝ ከምዝዘበረት፡ እንተኾነ - ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘየለ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኒኩለሳዊ ኣጽዋር ዘውንና - ከም ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ኣመሪካን ዝኣመሰላ ሃገራት፡ ንዩክሬን ኩሉ ዓይነት ወተሃደራዊ ኣጽዋር ምሃበን እቲ ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ስትራተጂያዊ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ እዩ ሚኒስተር ላቭሮቭ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

## ማሌዥያ - ሄሊኮፕተራት ሓይሊ ባሕሪ ብምግጫወን ኩሎም ተሳፈርቲ ሞይቶም

ኣብ ማሌዥያ፡ ክልተ ሄሊኮፕተራት ሓይሊ ባሕሪ ኣብ በረራ እንከለዋ ብምጕጫወን፡ ኩሎም ተሳፈርተን ከምዝሞቱ ተቓሊሑ።



እተን ብውሕዱ 10 ሰራሕተኛታት ጸዒነን ዝጕዓዛ ዝነበራ ሄሊኮፕተራት፡ ዛጊት ጠንቁ ብዘይተነጸረ ምኽንያት ተጋጭየን ከምዝወደቓ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሚኒስተር ምክልኻል ማሌዥያ መሓመድ ኻልድ፡ ነቲ ሓደጋ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፥ እተን ሄሊኮፕተራት፡ ዝመጽኣ ቀዳም ኣብታ ሃገር ኣብ ዝቖድድ ጽምብል መበል 90 ዓመት ምምስራት ሮያል ሓይሊ ባሕሪ ታ ሃገር ንምስታፍ - ልምምድ የካይዳ ምንባረን ኣረዲኡ።

ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ማሌዥያ፡ መንነት ናይ’ቶም ዝሞቱ ሰራሕተኛታት ንምልላይ ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ እቲ ክስተት ኣገዳሲ ከምዝሕዝዎም ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብተመሳሳሊ፥ ሓንቲ ኣብ ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ማሌዥያ ትሳተፍ ሄሊኮፕተር ከምዝወደቐት ዝዘከር ኮይኑ፡ ተሳፈርታ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ገፋፊ ዓሳ ብዝገበረሎም ቅልጡፍ ሓገዝ ክድሕኑ ከምዝኸኣሉ እዮም ሰቡ መዚ’ቲ ከባቢ ዝጠቐሱ።

## ቱርኪን ዒራቕን ክልተኣዊ ዝምድናአን የደንፍዓ

ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋንን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ መሓመድ ሺዓ ኣልሱዳኒን፡ ኣብ ከተማ ባቕዳድ ተራኺቦም ኣብ ጸጥታዊን ቁጠባዊን ምትሕብባር ክልቲአን ሃገራት ከምእተዛተዩ ተሓቢሩ።

ኣብ’ቲ ዝሓለፈ ሰሙይ ዘካየዱዎ ርክብ፡ ሃገራቶም ኣንጻር’ቲ ብ‘ፒ ኬይ ኬይ’ ዝፍለጥ ዕጡቕ ጉጅለ ኩርዲስታን ብሓባር ክቃለሳ እየን ተረዳዲኦም።

እዚ ብሰልፊ ሰራሕተኛታት ኩርዲስታን ዝፍለጥ ‘ፒ ኬይ ኬይ’፡ ኣንጻር መንግስቲ ቱርኪ ንዳሰርተታት ዓመታት ኣብ ግጭት ተጸሚዱ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ብቱርኪን ካልኦት ምዕራባውያን መሻርኽታን ከም ሽብራዊ ጉጅለ ከምዝፍለጥ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ዒራቕ ንጉጅለ ‘ፒ ኬይ ኬይ’ ምእጋዳ፡ ቱርኪ ኣዚያ ከምእተሓጎሰት እዩ - ፕረዚደንት ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን ገሊጹ።

‘ፒ ኬይ ኬይ’ ጸጥታዊ ሻቕሎት ክልቲአን ሃገራት ኮይኑ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኤርዶጋን፡ እቲ ጉጅለ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዝኣታት ዒራቕ ዘሎዎ ህላወኑ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዝበቅዕ ኣፍሊጡ።

ክልቲአን ሃገራት ብተወሳኺ፡ ኣብ ጉዳይ ጸዓት፡ ቁጠባን ጸጥታን ኣትኩረን ስትራተጂያዊ ዝኾነ ስምምዓት ከምዝኸተማ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ መሓመድ ሺዓ ኣልሱዳኒ ኣረዲኡ።



## ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ከም መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2018፡ ሕማም ንፍዮ ንምቁጽጻር ብደረጃ ሃገር ዝቐደዶ ሰፊሕ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ሕማም ንፍዮን ሩቤላን ካብ ናይ ምቁጽጻር ደረጃ ናብ ናይ ምጥፋእ ደረጃ ንምስግጋር፡ ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024፡ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከምኡ’ውን ዕደላ ቫይታሚን “ኤይ” ከካይድ እዩ።

**ኣብ’ዚ ወፍሪ ክታበት ዝኽተቡ መንየም?**

* ኩሎም ካብ 9 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዕድመ ዘለው ህጻናት፡ ናይ ክታበት ካርደም እናተራእየ ከም ኣድላይነቱ፡ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከም ዝኽተቡ ክግበር እዩ።

**ብተወሳኺ፦**

* ኩሎም ካብ 6 ክሳብ 59 ወርሒ - ማለት ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመ ዘለው ህጻናት ድማ፡ ናይ ክታበት ካርደም ሒዞም ኣብ መኽተቢ ነቑጣ ብምምጻእ ቫይታሚን “ኤይ” ክወስዱ እዮም።

ስለምንታይ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ኣብ’ዚ እዋን?

1. ነቶም ቀድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ክይተኸተቡ ዝሓለፎም ህጻናት ረኺብካ፡ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከም ዝኽተቡ ምግባር፡

2. ነቶም ቀድሚ ሕጂ ተኸቲቦም ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዘይማዕበሉ፥ በዚ ናይ ሕጂ ክታበት ዚያዳ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ንኽማዕብሉ ምሕጋዝ፡

3. ብሰገረ ዶብ ንዝኣትው ሕማማት ንፍዮን ሩቤላን ብምቁጽጻር፡ ሽፋን ክታበት ልዕሊ 98% ከም ዝበጽሕ ብምግባር፡ ሕማም ንፍዮ ካብ ናይ ምቁጽጻር ደረጃ ናብ ምሉእ ምጥፋእ ከም ዝሰጋገር ምግባር።

ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ፡ ኩሎም ወለዲ ይኹኑ ኣለይቲ፡ ካብ ክሊ ዕድመ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዘለው ደቓኹም፡ ኣብቲ ካብ ዕለት 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024 ዝቐደድ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከምኡ’ውን ምዕዳል ቫይታሚን “ኤይ” ናብ ጥቓኹም ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ግዝያዊ መኽተቢ ነቑጣ ናይ ክታበት፡ ካርድ ሒዝኩም ብምምጻእ ደቓኹም ከተኽትቡ ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብር።

**ጥዕና ደቕና ብኽታበት ነውሕሶ!**

## ብሪጣንያን ጀርመንን፡ ብስለያ ዝተጠርጠሩ ሰባት ቀዪደን

ብሪጣንያን ጀርመንን፡ ንቻይና ከምዝሰለዩ ዝጠርጠረቶም ሓሙሽተ ዜጋታተን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዋ ገሊጸን።

ጀርመናውያን ኣኽበርቲ ሕጊ ኣብ ከተማ በርሊን ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቶም ሰለስተ ጀርመናውያን ምዃኖም - ኣስማቶም ድማ ቶማስ ኣር ከምኡ ድማ ሰብ ሓዳር ሄርዊግ ኤፍን ኢና ኤፍን ከም ዝበሃሉ፣ ካብ ሰነ 2022 ኣትሒዞም ከኣ - ተኣፋፊ ሓበሬታታት ናብ ሚኒስትሪ ሃገራዊ ጸጥታ ቻይና ከሰሉኹ ከምዝጸንሑ ይጠቅሱ።

መንግስቲ ብሪጣንያ ብወገኑ፥ እቶም ብጥርጣረ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ዜጋታቱ፡ ኣሰማቶም ክሪስቶፈር በሪን ክሪስቶፈር ካሽን ከም ዝበሃሉ ብምሕባር፡ ክልቲኦም - ንቤጂንግ ‘ዝዋጊ ሓበሬታ’ ክህቡ ከም ዝጸንሑ ከሲሱ።

ወዲ 32 ዓመት ብሪጣንያዊ ክሪስቶፈር በሪ፡ ኣብ ምብራቕ ቻናይ - ዞባ ሃምግዡ መምህር ቋንቋ እንግሊዝን ሱቀ·ጠባን ዝነበረ ኮይኑ፡ ካብ ታሕሳስ 28, 2021 ክሳብ ለካቲት 3, 2023 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ‘ወግዓዊ ምስጢራት ኣመሓላሊፉ ተባሂሉ’ዩ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ። ወዲ 29 ዓመት ብሪጣንያዊ ክሪስቶፈር ካሽ እውን፡ ናይ ቀደም ፓርላማዊ ተማራማሪ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ከተማ በርሊን ዝርከብ ኤምባሲ ቻይና፡ ነቲ ብመንግስቲ ጀርመን ዝቐረበ ክሲ ነጺግዎ ኣሎ። “ጀርመን ብምስምስ ስለያ ንቻይና ካብ ምጽላም ክትቁጠብ ንጸውዕ” ክብል እውን ኣፈኛ ናይ’ቲ ኤምባሲ ኣገዚቡ።

እቲ ብመንግስቲ ብሪጣንያ ቀሪቡ ዘሎ ክሲ ብተመሳሳሊ ተነጺጉ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ እውን - ብሪጣንያ፡ ኣመሪካን ኒውዚላንድን፡ ንቻይና ብሳይበራዊ መጥቃዕቲ ከሲሰናኣ ምንባረን ይዝከር።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 24/04/2024 | ኣድራሻ 176 - 3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services